ፍኖተ-ብርሃን

FENOTE-BERHAN No. 488 (January 2011) Published by The Eritrean Orthodox Church Diocese of North America

ብሓልዮት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፡ ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣመሪካ፡ ንምእመናን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንመሃብ፡ ብትግርኛን እንግሊዝኛን እትሕተም ጋዜጣ።

ጥሪ 2003 ዓ.ም . (2011) ቁ. 488 መበል 59 ዓመት

እዋናዊ ኣርእስቲ

ሎሚ መድኃኒ ክርስቶስ ኅይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ኣሎ!

ሉቃ 2፡11

ብደቂቀ እንጦንዮስ ሰሜን ኣመሪካ

ክቡራን ኣንበብቲ ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃን፡- እንቋዕ ናብዚ ክቡር በዓል ብርሃነ ልደት ናይ 2011 ኣ.ፈ (ፀፀፐ ዓ.ም ግእዝ) ብሓጎስን ሰላም ብሓባር ኣብጽሓና እናበልና፡ ብልደት ኢየሱስ ክርስቶስ ምሉእ ህዝቢ ዓለም ሰላምን ምሕረትን፡ ጸጋን

በረኸትን ምእንቲ ክረክብ ሓባራዊ ጸሎት ናይ ኩልና ምኳኑ ከነዘኻኽር ንፈቱ። እዚ ኣብ ኣርእስቲ ጽሑፍና "ሎሚ መድኃኒ ክርስቶስ ኅይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ" ዝብል ተጠቒሱ ዘሎ ሕያው ቃል ወንጌል፡ ብመልኣኽ እግዚኣብሔር ነቶም ቅኑዓት ጓሶት ዝተነግረ ናይ ተስፋን ድኅነትን ኣዋጅ ብሥራት ኢዩ። ናይ ሓጎስ ብሥራት ድማ ንኹሉ ህዝቢ ደኣ ይንገር እምበር ኣብ ልብኻ ጥራይ ክዕቆር ኣይግባእን። እዚ ዓመት መጸ ኩሉ ግዜ ሰፊሕ ምድላውን ልዑል ክብርን ዝግበረሉ በዓል ልደት ናይ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ክርስቲያን ምሉእ መንፈሳዊ ትርጉምን ድኅነት ሕይወትን ምእንቲ ክህልዎ ከኣ ንቃል መልእኽቲ ልደት ብግቡእ ክንርዳእ ኣገዳሲ ይኸውን።

ከምቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ተገሊጹ እንረኽቦ "ኣቦና ኣዳም ንዝተዋህበ ኣምላኻዊ ትእዛዝ ጥሒሱ፡ ፍረ ኦም በለስ በሊዑ ብኃጢኣት ምስ ወደቐ፡ ኣብ ልዕሊ ሞተ-ሥጋ፡ ሞተ-ነፍሲ፡ ኣብ ልዕሊ ወሪደ-መቓብር ድማ፡ ወሪደ-ገሃነም ተፈሪዱዎ ካብ ገነት ስለ ዝወጸ፡ ዋይ ኣነ ኃጢኣተኛ! **"እግዚኣብሔር ዝኣክል ኅይታ፡ ገነት ዝኾነ ቦታ"** ሓዲገ ምውጽኣይ መወዳድርቲ ዘይብሉ ገበንን መጸናንዒ ዘይርከቦ ሓዘንን ኢዩ" እናበለ ብጓህን ምህለላን ይነብር ነበረ። መሓሪ እግዚኣብሔር ግና ኩሉ ሰብ ክድኅን እምበር ሓደ እኳ ክጠፍእ ዘይፈቱ ርህሩህ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ "ገና ንሕና ጸላእቱ ኾሎና፡ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቐና" (ሮሜ 5፡10) ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ ንኣቦና ኣዳምን ዘርኡን ዝኸውን ምሕረትን ተስፋ መንግሥተ ሰማያትን ብልደት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተዋህበና።

እቲ ኣስታት ቅድሚ 2000 ዓመታት ኣብዚ እዋንዚ ዝተንግረ ቃል **"እንሆ ንኹሉ ህዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጎስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ። ምኽንያቱ ሎሚ መድኃኒ ክርስቶስ ኅይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ።** ምልክት ከኣ እዚ ይኹነልኩም፡- በጭርቕቲ ዝተጠቕለለ ሕጻን ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱ ክትረኽቡ ኢኹም" (ሉቃ 2፡ 11) ከም ዝበሎ፡ እቲ ንኣዳማዊ ኃጢኣትና ዝድምስስ፡ ንሓዘንና ዝድብስ፡ ውዲት ጸላኢና ሰይጣን ዘፍርስ፡ ናብ ቀዳማይ ርስትና ገነት መንግሥተ-ሰማያት ዝመልስ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በቲ ምዱብ ጊዜኡ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ ቤተ ልሔም ተወልደ። ኣቐዲሙውን ብዘመን ነቢያት "ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተዋሂቡና እዩ። ንሱ ኸኣ ገዛኢና ኪኸውን እዩ። ንሱ "ግሩም መኻሪ፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ዘለዓለማዊ ኣቦ፡ መስፍን ሰላም ተባሂሉ ኪጽዋዕ ኢዩ" ዝብል ሠናይ ዝኾነ ተስፋ ትንቢት ተነጊሩ ነይሩ ኢዩ። ኢሳ 9፡6።

እግዚኣብሔር ዘይሠምሮ ኣገልግሎት ምእንቲ ከይከውን

ቤተ ክርስቲያን ቤት ጽድቅን ቅድስናን እያ። ስለዚ ከኣ'ያ መሥዋእቲ ዝዓርገላ ዓውደ-ምሕረት ኮይና ትርከብ ዘላ። ቤተ-እግዚኣብሔር ከም ምኳና መጠን'ውን፡ እቲ ሰማያዊ ረድኤት ዝደሊ ዘበለ ኹሉ ናብዛ ቅድስቲ ቤት እዚኣ ኣቢሉ ክግስግስ እንተ ተራእየ ዘገርም ኣይኮነን። "ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ" ዝበለ ቅዱስ ዳዊት'ውን ስለዚ እዩ። ብዝተረፈ "ንፍቕሪ እግሪ ትፈልጣ" ከምዝበሃል፡ ንእተፍቅሮ እምበር ንዘይተፍቅሮ ኣይትግስግሶን ኢኻ። እቲ ሠናይ ዘበለ ግን ኣድራሻኡ ቤተ ክርስቲያን እዩ። ስለዚ ከኣ'ዮም እቶም ኩሎም ክርስቲያን ኣድራሻኦም ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ዝርከብ ዘሎ።

ከምዝፍለጥ ኣብዛ ቅድስቲ ቤት እዚኣ ዝግበር ኣገልግሎት፡ ወይ ዝበጽሕ ስብሓታት ብዙሕን ሰፊሕን እዩ። ዓቕሚ ሰብ ውሱን እንተዘይከውን ነይሩ'ውን፡ እቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዝቕርብ ውዳሴን ስብሓታትን ብግዜ ዝውሰን ኣይምኾነን። ከመይሲ እግዚኣብሔር ቅዱስ! ቅዱስ! ቅዱስ! እናተባህለ ብኣፍ ቅዱሳን መላእኽቲ ብዘይ ምቁራጽ ከምስገን ዝነብር ኣምላኽ'ዩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ንኹሉ ኣብ ግምት ብምእታው እቲ ዝበጽሕ ጸሎታት፡ ግዚኡን ሰዓቱን ሓልዩ ብመደብ ከምዝካየድ ዝግበር ዘሎ። ኣብ ሠለስተ መደብ ፈላሊኻ ክርኣ ከኣ ይከኣል።

ሰዓታት
ማሕሌት
ቅዳሴ

ስለዚ ድማ እቲ ኣገልግሎት ዝጅምር ብጸሎተ-ሰዓታት እዩ። ካብ ፍርቂ ለይቲ ዝጀመረ ቁመት ከኣ፡ ክሳብ ሰዓት 5 ወጋሕታ ቅዱስ! እናተባህለ ይሕደር። ማለት ካብቲ "ነሢእየ ማዕተበ ዘወልደ እግዚኣብሔር" ዝብል ኣትሒዙ፡ ክሳብ መፈጸምታ ስብሓተ-ፍቁር ዘሎ ውዳሴን ስብሓታትን ክበጽሕ ከምዝሓድር ይፍለጥ። ንክብርን ዕቤትን እቲ ሕያው ኣምላኽ ዝገልጽ ምሥጢራት ዝሓዘ ስለዝኾነ'ውን፡ እቶም ኣብዚ ቅዱስ ዝኾነ ኣገልግሎት ተጸሚዶም ዝሓድሩ፡ ኣየ ክንደይ ተዓዲሎም!! ዘየብል ኣይኮነን።

ብርግጽ ድማ ነቲ ንጉሠ ነገሥት፡ ኣምላኽ-ኣማልኽትን ዝኾነ ኣምላኽ "ቅዱስ!" እናበልካ ከተመስግን ካብ ምሕዳር'ሞ፡ እንታይ ዘሐጉስ ካልእ ነገር ኣሎ? ስለ ዝኾነ'ውን እቶም ዝሓለፉ ኩሎም ኣቦታትና፡ ብዘይ ገለ ዓስቢ ጸማን ክፍሊትን ኣገልግሎት ሰዓታት እናፈጸሙ ከምዝሓለፉ'ዩ እቲ ታሪኽ ዝዛረብ። ብሓጺሩ ዓስቢ ጽድቂ እምበር ሥጋዊ ረብሓ ዝደልዩ ኣቦታት ኣይጸንሑናን። እዚ ኣገልግሎት'ዚ ከኣ'ዩ ንሕዝብናን ሃገርናን ጽላልን ጸግዕን ኮይኑ፡ ንዘመናት ምሉእ ከሰንዮ ዝጸንሐ።

ኣብዛ ፈተና ዝመልአ ዓለም ብምህላውና ግዲ ኮይኑ ግን፡ ሕዝብና ብዙሕ መሪር ነገር ዘስተማቐረ ሕዝቢ'ዩ። ኣብቲ ነዊሕ ናይ ዘመናት ጉዕዞ'ውን ዘይተቐበሎ ሕሰምን መከራን ኣሎ ኣይበሃልን። ምስዚ ኩሉ ግን ንእግዚኣብሔር ተዛሪቡ ዘስምዕ ናይ ጸሎት ኃይሊ ስለዝነበሮ፡ ረድኤት ኣምላኽ ተፈልዩዎ ኣይፈልጥን። ብርግጽ'ውን እቲ ኣምላኽ-ኣብርሃም፡ ኣምላኽ-ይስሓቅ፡ ኣምላኽ-ያዕቆብ ኢሎ ምዝጽውዑዎ ኣቦታትና፡ ዘይድቅስን ዘይታኽስን ስለዝኾነ ንሕዝብና ንምድኃን ኢዱ ዘይዘርግሓሉ ዘመን የልቦን።

እዚ ኩሉ'ዚ ግን ናይቲ ዝቕርብ ዝነበረ ጸሎትን ስብሓታትን መልሲ ደኣምበር፡ ብመልክዕ ሎተሪ ዕድለይ ኢልካ ዝርከብ ምሕረት ኣይኮነን። ስለዚ'ውን ጸሎተ-ሰዓታት ሓደ ካብቶም ቤተ-ክርስቲያንና ብሥሩዕ መደብ ምስ እግዚኣብሔር እትራኸበሎም ጸሎታት ምኳኑ ክንርዳእ ንኽእል። ይኹን እምበር ኣብዚ ሎሚ ረድኤት ኣምላኽ ዝድለየሉ ዘሎ እዋን፡ ኣገልግሎት ሰዓታት ዝግደሰሉ ዝሰኣነ መሲሉ ይርኣ ኣሎ። እቲ ተገዳስነት "ንማሕሌት" እምበር "ንሰዓታት" ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ ዘይምርካቡ ድማ ዘተሓሳስብ እዩ።

ከምዝፍለጥ "ኣገልግሎት ሰዓታት" ትማልን ቅድሚ ትማልን ዝተጀመረ ኣይኮነን። ቤተ ክርስቲያንና ንዘመናት ምሉእ ክትግልገለሉ ጸኒሓ እያ። ከም ኣገዳስን ዓቢይን ጸሎት ስለዝፍለጥ'ውን፡ እቶም ዝሓለፉ ኩሎም ኣቦታትና ካብ "ጸሎተ-ሰዓታት" ዝተፈልየ ሕይወት ነይሩዎም ዝበሃል ታሪኽ የልቦን። ስለዝኾነ'ውን "ኣገልግሎት ሰዓታት" ሸለል ብምባል፡ እቲ ጠመተ ናብ "ማሕሌት" ጥራይ ከምዝኸውን ምግባር፡ እግዚኣብሔር ዝሠምሮ ኣገልግሎት ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ብዝተፈልየ ቅዳሴን ሰዓታትን ንካህናት ዝምልከት ኣገልግሎት ምኳኑ ከዝንጋዕ ኣይግባእን።

ብመሠረቱ ኣበሃህላና ስለምንታይ'ዩ "ጸሎተ-ሰዓታት" ሸለል ዝበሃል ዘሎ? ንምባል ደኣምበር፡ ንኣገልግሎት ማሕሌት ንቃወም ኣሎና ማለት ኣይኮነን። ዘቃውም ምኽንያት'ውን የብልናን። ከመይሲ እቲ ኣገልግሎት ኩሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ክሳብ ዝኾነ ቅቡል ዘይኮነሉ ምኽንያት የልቦን። እንተኾነ "ሰዓታት" ሸለል ብምባል "ማሕሌት" ክቕሙ ንዘደልዩ ግና፡ ኣይፋልኩምን እንተበልናዮም ጌጋ ዝገበርና ኣይመስለናን። ስለዚ'ውን እዚ ክቀላቐል ዝርኣ ዘሎ ጌጋ ልማድ'ዚ፡ ገና ከሎ ክእረም ክኽእል ኣለዎ። ርግጽ'ዩ ኣገልገልቲ ኣብ ዝውሕዱሉ ግዜ ዘየዛርብ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ዓበይቲ ክብረ-በዓላት እኹል ቁጽሪ ውሉደ ክህነት ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ግን፡ ኣገልግሎት ሰዓታት ከምዘየድሊ ዝውሰደሉ ምኽንያት ክህሉ ኣይግባእን። ብዝተፈለ እዚ ጽሑፍ'ዚ ክጸሓፍ ዝተደለየ ንምትህንጻጽ ስለ ዝኾነ፡ ነበብቲ ብኸምኡ ክርድኡዎ ተስፋ እንብር። ብዘኣንበሳ ማርቆስ

እዋናዊ ኣርእስቲ ገጽ 1-	ርእሰ ዓንቀጽ 2	ዜና ቤተክርስቲያን ገጽ 3	ማሕበራዊ ናብራ ገጽ 5	መንፈሳውነት ገጽ 6	English ገጻት 7 –8

ርእሰ ዓንቀጽ

ዋና ኣዳላዊ ዲያቆን ተኽለማርያም ምርካጽዮን

ዝኾነ እንተኾነ ክርስቲያን ተስፋ ኣይቆርጽን ኢዩ!

ኣብዛ መከራን ጸበባን ዝበዝኃ ዓለም ኩሉ ነገር እሾኽ ኮይኑ ምሕላፍ እንተ ኸልከለካ፣ መሬት ክንዲ ኣፍ ዕንቊ እንተጸበበትካ፣ ምድረ-ሰማይ ጽልምት ኢሉ እንተ ሓርበተካ፣ ዝኣመንካዮ ጠሊሙ ዘፍቀርካዮ እንተጸልኣካ፣ ዝዘራእካዮ ሃጉጉ ዝወለድካዮ እንተረሓቐካ፣ ምድሪ ብወገና ሓሳርን ውርደትን ከም እተብቀ'ል ግራት ኮይና እንተ ኣሾኾትካ፣ ብኹሉ ተነጺልካ ምንባር እንተ መረረካ፣ በዝን በትን ኢልካ ኩሉ እንተ ኾርክሓካ፣ ምንም እንተኾነ ምንም ተስፋ ኣይትቕ'ረጽ። <u>እወ ክርስቲያን ተስፋ ክቕርጽ ኣይግብኦን እዩ።</u>

ከመይሲ ሎሚ፡ ሎሚ እምበር፡ ጽባሕ ስለ ዘይኮነት። እዚ ሎሚ ተስፋ ዘቕ'ርጸካ ዘሎ ኩነታት ጊዚያውን ኃላፍን እምበር ነባሪ ከምዘይኮነ ንልብኻ ከተእምኖ ከኣል እሞ፡ ሎሚ ከምዘላቶ ክትከይድ ሓዲግካ፡ ነታ ጽባሕ ትበርቕ ፀሓይን ንዕኣ ተኸቲላ ትመጽእ መዓልትን ብተስፋ ተጸበ። ብርግጽ ድማ ንምድኃንካ ዝተዘርግሐት ናይ እግዚኣብሔር ኢድ ኣብ ዙርያኻ ከምዘላ ክትርዳእ ኢኻ። እቲ ንዮሴፍ፡ ዳንኤል፡ ሠለስቱ-ደቂቅ፡ ኢዮብ፡ ወዘተ ... ኣብ እዋን ጸበባ ዝረድኦም ኣምላኽ፡ ንዓኻውን ከምኡ የፍቅረካን ይሓልየልካን ኢዩ። ስለ ዝኾነ'ውን ኣብታ ብረድኤት እግዚኣብሔር ጽባሕ ትበርቕ ሓዳስ ፀሓይን ሓዳስ መዓልትን ተስፋ ብምግባር ደኣ ተጸበ እምበር፡ ብናይ ሎሚ ፈተና ዝርታዕ ልቢ ክህልወካ ኣይግባእን። <u>ከመይሲ ክርስቲያን ተስፋ ኣይቆርጽን ኢዩ።</u>

ከምዝፍለጥ ኣብ ናይ ሕይወት ጉዕዞ ዘጋጥም ብዙኃ ፈተነታት ኣሎ። ነቲ ፈተና ብዓወት ዝወጹዎ ግና ብዙኃት ኣይኮኑን። ከመይሲ እምነት እግዚኣብሔር ዘይብሉ ሰብ፡ ብተስፋ ክጽበ ዘኽእሎ ትዕግሥቲ'ውን ስለ ዘይብሉ፣ ኣብታ ጽባሕ ትበርቕ ፀሓይ ሓንቲ ካልእ ሓዳስ መዓልቲ ምስ ሓዲሽ ተስፋ ከም እትመጽእ ልቡ ኣሚኑ ክቕበሎ ኣይኮነሉን ኢዩ። በዚ ድማ ምድረ-ሰማይ ሕውስውስ ኢሉ ይጽልምቶ እሞ፣ ብጽላሎቱ ክፈርህን ዝሰጎጎ ዘይብሉ ክሃድምን ይነብር። ብኣንጻሩ እቶም ኣብ እግዚኣብሔር እምነት ጌርም ብተስፋ ዝጎዓዙ ሰባት ግን፡ እቲ ናይ ሎሚ ፈተና ኣብታ ጽባሕ ትበርቕ ፀሓይን ሓዳስ መዓልትን ሓሊፉ ከም ዘይጸንሖም ብምልኣት ልቢ ስለ ዝኣምኑ፡ ብዝኾነ ፈተና ተረቲዖም ኣብ ቅብጸት ተስፋ ክወድቁ ኣይረኣዩን። ስለዚ ኸኣ'ዩ እቲ ኣብ ሓደ ክርስቲያን ክህሉ ዝግብኦ ጽንዓት እምነት፣ ብዘይካ ትዕግሥትን ተስፋን ካልእ መለክዕን ሚዛንን የብሉን ዝበሃል። ከመይሲ ብዘይ ትዕግሥትን ተስፋን ክርከብ ዝከኣል ናይ ዓወት ኣኽሊል የልቦን።

ብዝተረፈ እዛ ንነብረላ ዘሎና ዓለም፣ ኩርኳሕ ዝበዝሓ ዘይተደቅስ ንእዲ ስለ ዝኾነት፣ ኣብቲ ንምንባር ኢልካ ዝግበር ቃልሲ ዘይውዳእ ፈተናታት በዝን በትን ክቕርቅረና ይኽእል ኢዩ። <u>ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት ብብዙኃ ዕዳ ክንጽቀጥ፡ ዝሥራሕናዮ ክፈርስ፡ ዝኣከብናዮ ክብተን፡ ዘቐመጥናዮ ክጠፍእ፡ ኩሉ ክጽልምተናን ክኹርክሓናን ኣይክእልን እዩ ዝበሃል ኣይኮነን።</u> እዚ ኩሉ ግና ናይ ሎሚ ጸገም እምበር፣ ጽባሕ ከም ግመ ተቐንጢጡ ክበንን ስለ ዝኽእል፣ በዚ ፀሓይ ክዓርበናን መሬት ክጽልምተናን ኣይግባእን። <u>ከመይሲ ክርስቲያን ተስፋ ኣይቆርጽን ኢዩ።</u>

ቅዱስ ዳዊት "እስመ በተስፋ ሓደረ ሥጋየ" ክብል ከሎ ኣብታ ብረድኤት እግዚኣብሔር ጽባሕ ትበርቕ ፀሓይ ተስፋ ብምግባር እንተ ዘይኮይኑ፣ ካልእ ዝጽበዮ ተስፋ ነይሩዎ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ካብ ሎሚ ጽባሕ ይሓይሽ ብዝብል ተስፋ ክሓድር ከሎ ግን፣ እቲ ሎሚ ዝነበሮ ኩነታት ጽባሕ ኣብ ሓጎስ ከምዝልወጥ ምሉእ እምነት ከምዝነብሮ፣ ካብ ኣበሃህላኡ ክንርዳእ ንኽእል። እምበኣርከስ ብዓይኒ እምነት ጠሚትካ ክዝረብ ከሎ፡ ዝኾነ ሰብ እቲ ሎሚ ክበጽሖ ዘይከኣለ ጽባሕ ክበጽሖ፡ እቲ ሎሚ ዝሰኣኖ'ውን ጽባሕ ክረኽቦ ከምዝኽእል ስለ ዝእመን፣ ብዝሓልፍ ጊዚያዊ ፈተና ተረቲዑ ተስፋኡ ክውዳእን ትዕግሥቱ ክጽንቀቕን ኣይግባእን። (መዝ 22፡4)

ንኣብነት እቶም ኩሉ ጊዜ ንጽቡቕ ኮነ ንዘይጽቡቕ መመሰሊ ንገብሮም እስራኤላውያን፣ ኣብታ ነቦታቶም ብተስፋ ዝተዋህበቶም ሃገር ንምእታው ክብገሱ ከለዉ፡ ነዊሕ መገዲ ይጽበዮም ምንባሩ ዝፈለጥዎ ነገር ኣይነበሮምን። ከነኣን ግና ብሰሙን ወርሕን ዓመትን ዝእቶ ቀረባ ኮይኑ ኣይረኽቡዎን። እቲ ጊዜ፡ ጊዜ እናወለደ ከይዱ ድማ ን40 ዓመት ዝኣክል ኣብቲ ኣጻምእ በረኻታት ሲና ተንከራቲቶም እዮም። ኣብዚ ኣዝዩ ነዊሕ ዝነበረ ጉዕዞ'ዚ ድማ ንትዕግሥቶም ዝፈታተን መሪርን ጽንኩርን ኩነታት ከምዘጋጠሞም ርግጽ ኢዩ። ንሳቶም ግና በዚ ፈተና'ዚ ተስፋ ክቕርጹን ኅሊና ከዕርቡን ኣይተራእዩን። የግዳስ ከወግሕ'ዩ! ክሓልፍ'ዩ! ብዝብል ተስፋ ስለ ዝተጓዕዙ፣ ድሕሪ 40 ዓመት ኣድካሚ ጉዕዞ ከነኣን ክኣትዉ ክኢሎም።

ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር እሙን ዝነበረ ኢዮብ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ፈተና ሥጋ፡ ሰብ ክጻወሮ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ከምዝነበረ እቶም ጽሑፋት ይዛረቡ ኢዮም። ኢዮብ ግና በዚ ሕሰምን መከራን'ዚ ተረቲዑ ክወድቕ ኣይንእዮን። ሰበይቱ ከይተረፈት ንጽንዓት እምነቱ ዝፈታተን ሰይጣናዊ ምኽሪ ሒዛ ቀሪባቶ ኢያ። ንሱ ግና ኣብታ ብእግዚኣብሔር ትርከብ ተስፋ ተኣማሚኑ፡ ስቅቕታ ሓዘንን እህህታን ብትዕግሥቲ ተቐቢሉ ደኣ ጉዕዞኡ ቀጸለ እምበር፡ ተስፋ ክቕርጽ ኣይተራእየን። ኣብ መወዳእታ ድማ እግዚኣብሔር ጽንዓት እምነቱ ርእዩ ብዓይኒ ምሕረቱ ከምዝጠመቶን ዓስቢ ትዕግሥቱ ከምዝፈደዮን ንርኢ።

እምበኣርከስ እቶም ናይ ሕይወትና መምርሒ ዝኾኑ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዘረጋግጽዎ፡ ብዘይ ጻማ ዝርከብ ዓስቢ ዘይምህላዉ ኢዩ። ስለ ዝኾነ'ውን እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዓስቢ ዝጽበ ኩሉ ብናይ ሎሚ ፈተና ከይትዓንቀፈ እቲ ብትዕግሥቲ ዝርከብ ናይ ጽባሕ ተስፋ ክጽበ ኣለዎ። ስለዚ'ዩ ሓዋርያ ጳውሎስ "ብጸበባ ተዓገሱ ብተስፋ ተሓጎሱ" ዝብል። ከመይሲ ነቲ ኩሉ ኣብ ሕይወት ዘጋጥም ምረትን ሕሰምን ብተመስገን ምቕባል ከይተኻእለ፡ እታ ብተስፋ ትብጻሕ ኣኽሊል ዓወት ተረካቢት ኣይኮነትን። ነዚ ከረጋግጽ ሓዋርያ ያዕቆብ ብወገኑ "እቲ ዝፍተን ተፈቲኑ ምስ ወጸ፡ እግዚኣብሔር ነቶም ዜፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣኽሊል ሕይወት ክቕበል ኢዩ'ሞ፣ እቲ ብፈተና ዝዕገሥ ሰብ ብፁዕ ኢዩ" ዝብል ረዚን መልእኽቲ ዝሓዘ ቃላት ጽሒፉልና ኣሎ። ነባሪ ተስፋን ወሓዚ ሓጎስን ኣምላኽ ይሃበና!። (ሮሜ 12፡12)

ካብ ገጽ 1 ዝቕጽለ።

ብመሠረቱ ዝኾነ ሕጻን ኣብዚ ምድሪ-ዓለም ክውለድ ከሎ ንወለድን ስድራ ቤትን፡ ኣብ ጎረባብትን ፈተውትን ብዙሕ ሓጎስ ክኸውን ባሕርያዊ ትዕድልቲ ናይ ደቂ ሰባት ኢዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝውለድ ሕጻን ንበረኸት ይኹን ንንግሥነት፡ ንቀ'ም-ነገር ይኹን ንጉድኣት፡ መጻኢ ኣበርክቶኡ ዋላኳ ኣይፈለጥ እምበር ሓዲሽ ሕጻን ብምውላዱ ጥራይ ሰብ ይሕጎስ እዩ። ይኹን እምበር እዚ ተራ ሓጎስ እዚ ካብቲ ዝኾነ ሕጻን ዝተወልደሉ ከባቢ ወይ ዓዲ ዝሓልፍ ብሥራት ኣይኮነን። ልደት ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ብዘገርም ኣገባብ ብቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ከም ዝተነግረ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ብተኣምራታዊ ምሥጢር ካብ ንጽህቲ ማርያም ተወሊዱ ንምሉእ ህዝቢ ዓለም ዝኽውን ዓቢይ ሓጎስ ኮነ። ከምኡውን ኣብ ነገደ መላእኽቲ ዓቢይ ምስጋና ተሰምዐ። "ብሃንደበት ከኣ ብዙሓት ሠራዊት ሰማይ ምስቲ መልኣኽ ኮይኖም ከምዚ ዝስዕብ እናበሉ ንኣምልኽ የመስግኑ ነበሩ፡- **"ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም እግዚኣብሔር ዝሕጎሰሎም ሰብ"** ይብል። ሉቃ 2፡14። እወ! ብልደት ጎይታ ሰላም ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ክሰፍን ብኣዋጅ እኳ እንተ ተነግረ፡ ገለ ደቂ ሰባት ግና ካብ ሰላም ኩናት፡ ካብ ምሕረት መዓት፡ ካብ ነጻነት ባርነት ስለ ዝመርጹ እቲ ክርስቶስ ዝሃበና ወሓዚ ሰላምን

ሓቀኛ ፍቕርን ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ገና ከምቲ ዝግብኦ ኣይሰፈነን ዘሎ። ምኽንያቱ ምሉእ ውሽጣውን ደጋውን ሰላም ነቶም እግዚኣብሔር ዝሕጎሰሎም ሰባት ካብቲ ሰላማዊ ኣምላኽ ዝርከብ እምበር ብሥጋዊ ድሌትን ብኃይሊ ብረትን ኣብዛ ምድሪ ሰላም ክሰፍን ፍጹም ዝሕሰብ ኣይኮነን። ሓደ ሓደ ሰባትውን ስለምንታይ እዩ ክርስቶስ ብሥጋ ካብ ዘርኢ ሰብ ዝተወልደ ዝብሉ ዕላማ ልደት ዘይርድኦም ሓተቲ ኣለዉ። ነዚ ግቡእ መልሲ ዝኽውን ድማ ኣብቲ ክቡር መጽሓፍ ቅዱስ "እቶም ውሉድ፡ ሥጋን ደምን ዘለበሱ ስለ ዝኾኑ፡ ኢየሱስውን ከምኡም ሰብ ኮነ፡ እዚ ከኣ ብሞቱ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሞት ስልጣን ዘለዎ ዲያብሎስ ምእንቲ ኺስዕር ፡ ነቶም ብናይ ሞት ፍርሓት ምሉእ ዕድሚኦም ባራዩ ኮይኖም ዝነበሩ ኽኣ ሓራ ምእንቲ ኬውጽእ ኢሉ ኢዩ" እናበለ ብንጹር ቃላት የብርሃልና። ዕብ 2፡14። ብተወሳኺ እውን "እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዝምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ ኢዮም። ከመይ ንስኻትኩም ነቲ ብእኡ ጌርና "ኣባ፡ ኣቦ" ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውሉድነት ኢኹም ዝተቐበልኩም እምበር፡ ናብ ፍርሃት ክትምለሱ መንፈስ ባርነት ኣይተቐበልኩምን" ዝብል ግሩም ዝኾነ መልእኽቲ ዘለዓለማዊ ተስፋ ተዋሂቡና ኣሎ። ሮሜ 8፡14። ስለዚ ብልደት ኢየሱስ ክርስቶስ ሞት ብሕይወት፡ ዘመነ ባርነት ብዓመተ ምሕረት፡ ዘመነ ጸልማት ድማ ብብርሃን ልደት ተተኪኡልና ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ። ብዛዕባ እዚ ነቢይ ኢሳይያስ "እቲ ኣብ ጸልማት ዝነብር ህዝቢ ዓቢይ ብርሃን ረኣየ፡ ነቶም ኣብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዝነብሩ ድማ ብርሃን ወጸሎም" ክብል ብመንፈስ ትንቢት ተዛረበ። ኢሳ 9፡2።

እምበኣርከስ ከምቲ ኣብ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንና ብወግዒ ዝንገረና **<u>ተዋህዶ ማለት ቃልን ሥጋን ዝተወሃሃደ፡ ሓደ ኣካል ሓደ ባሕርይ ዝኾነ</u>** ማለት ኢዩ። ቃል ክንብል ከሎና እግዚኣብሔር ወልድ ማለት ኢዩ። ሥጋ ክንብል ከሎና ከኣ እቲ ካብ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ሰብ ማለትና ኢዩ። በዚ ምኽንያት ጥንታዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያንና **"<u>ወልድ ዋሕድ</u>"** ዝብል ሓዋርያዊ እምነት ትሰብኽ። እዚ ከኣ ብቐጥታ ንልደት ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ዝምልከት ረዚን መንፈሳዊ ትርጉም ዘለዎ ትምህርቲ ሃይማኖት ኢዩ። ኣብ ቅዱስ ወንጌልውን **"እቲ ቃል ሥጋ ኮነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሓደረ"** እናበለ ቅዱስ ዮሓንስ ወንጌላዊ ብትኽክል ጽሒፉልና ንረኽቦ። ዮሓ 1፡14። ኣብ ካልእ መልእኽቱውን ነዚ ኣመልኪቱ "ኣቦ ንወዱ መድኃን ዓለም ኪኸውን ከም ዝለኣኾ ረኣና፡ ንምስክርውን ኣሎና። ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ዘእመን ኣምላኽ ኣብኡ ይነበር፡ ንሱውን ኣብ ኣምላኽ ይነብር" ብዝብል ጥቕሲ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ብልቢ ምእማን ምስ እግዚኣብሔር ኣቦ ምንባር ምኳኑ የረጋግጸልና። ፡ዮሓ 4፡14። እወ! "ፍቅር ሰሓቦ ለወልድ ኃያል እምመንበሩ፡ ወኣብጽሖ እስከ ለሞት" ኪብል ቅ. ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከም ዝገለጾ ንኢየሱስ ክርስቶስ ፍቕሪ ወዲ ሰብ ስለ ዝገደዶ ብሥጋ ተወሊዱ፡ ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ተሰቒሉ ስለ ዝሞተ፡ ንሕና ብሞቱ ሕይወት ረኺብና። ካብ ኃጢኣት ውድቀት ናብ ዓወት፡ ካብ ጥፍኣት ድማ መሰል ውሉድነት ረኺብና። ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ዲያብሎስ ምእንቲ ኬፍርስ ኢሉ ኢዩ ዝተገልጸ። ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ዘበለ ድማ ባሕርይ ኣምላኽ ኣብኡ ስለ ዘሎ ኃጢኣት ኣይገብርን ኢዩ። ፡ዮሓ 3፡8።

ስለዚ እምበኣር ከምቲ ብቅዱሳን ሓዋርያት "ብዛዕባ እቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረ፡ ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ በዕይንትና ዝረኣናዮ፡ ዝጠመትናዮ፡ በእዳውና ዘረምሰስናዮ ቃል ሕይወት ንነግረኩም ኣሎና። ሕይወት ተገሊጻ ኢያ፡ ንሕና ኸኣ ርኢናያ ኢና፡ ንምስክርውን ኣሎና። ...እታ ካብ ክርስቶስ ዝሰማዕናያ፡ ንኣኻትኩምውን እንነግራ ዘሎና መልእኽቲ እዚኣ ኢያ፡- **እግዚኣብሔር ብርሃን ኢዩ፡ ኣብኡ ኸኣ ጸልማት ዚብልዎ ኸቶ የልቦን።** "ምስኡ ሕብረት ኣሎና" እናበልና ኣብ ጸልማት እንተ ነበርና ንሕሱ፡ ሓቂውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና። ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፡ ኣብ ብርሃን እንተ ነበርና ግና ንሓድሕድና ኅብረት ኣሎና ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ኃጢኣትና የንጽሓና ኢዩ" እናበሉ ብሰፊሑ ዝገለጹልና፡ ንሕና ድማ ከም ደቂ እግዚኣብሔር መጠን ብብርሃን ሓቅን መገዲ ጽድቅን ክንመላለስ ክርስቲያናዊ መጸዋዕታና ምኳኑ ክንዝንግዖ ኣይግባእን። ንኣምላኽ ዘኽብርን ንሰብ ዘፍቅርን ንጹህ ልቢ ሒዝና ብእምነት እንተ ነበርና ከኣ ሠናይ ፍረ ክንፈርን ፍረና ድማ ነባሪ ከም ዝኸውንን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ፡ዮሓ 1፡1-7።

ኣብ መደምደምታ ከምቲ "ጊዜኡ ምስ በጽሐ ኣምላኽ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ሕጊ ዝነበሩ ምእንቲ ኪድሕን፡ ንሕናውን ናይ ውሉድነት ሥልጣን ምእንቲ ኽንረክብ፡ ነቲ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ ኣብ ትሕቲ ሕጊውን ዝሓደረ ወዱ ለኣኸ። ውሉድ ስለ ዝኾንኩም ከኣ ነቲ "ኣባ፡ ኣቦ" ኢሉ ዝጽውዕ መንፈስ ወዱ ናብ ልብኹም ለኣኸ" (ገላ 4፡4-6)። ዝብል ጥቕሲ ዘሎ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ክቡር በዓል ልደት ናይ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከነብዕል ከሎና፡ ንርኣዩለይ ስምዑለይ ጥራይ ሽምዓ ምውላዕን ገረብ ምውቃብ" ዘይኮነስ ብሓቀኛ እምነት ኣብ ልቢ ናይ ነፍሲ ወከፍና ክርስቶስ ጎይታ ኣቦ ብርሃናት ክውለድ፡ ብብርሃነ-ልደት ድማ ኣእምሮና ክበርህ ይግባእ። ከም ሓዋርያ ጳውሎስ ድማ "ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ እግዚኣብሔር ኣቦ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ምእንቲ ኽህበኩም፡ ኣዕይንቲ ልብኹም በሪሁ ናይቲ ዝጸውዓኩም ተስፋ እንታይ ከም ዝኾነ ምእንቲ ኽትፈልጡ፡ እቲ ንኣመንቲ ዘተስፈዎም ናይቲ ክቡር ርስቲ ሃብቲ እንታይ ከም ዝኾነ ምእንቲ ክትርድኡ እጽሊ ኣሎኹ ዝበሎ፡ ንዓናውን ብብርሃነ ልደቱ ዘለዓለማዊ ሕይወትን ተስፋ መንግሥተ ሰማያትን ንኹልና ይሃበና። ኤፌ 1፡17።

ዜና ቤተክርስቲያን

መበል 12 ዓመታዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሰሜን ኣሜሪካ ብረድኤት እግዚኣብሔርን ብጸሎትን ኩሎም ኣመንትን ኣብ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስቲያን ኒው ዮርክ ብሓጎስን መንፈሳዊ በረኸትን ተዛዚሙ።

እዚ ካብ 22-25 ሓምለ 2010 ዓምፈ **"ኣምላኽ ሰማይ ከቕንዓልና እዩ እሞ፥ ንሕና ባሮቱ ተንሲእና ክንሃዩ ኢና" (ነህ 2:20)** ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጥቕሲ ዝተኻየደ ሰፊሕ ጉባኤ፥ ብምዕሩግ ኣገባብ ዝሓለፈ ተሳትፎ ዓበይትን ነኣሽቱን ህዝበ ክርስቲያንን ውሉደ ክህነትን ተወሃሂዱ፥ ብትጉሃት ደቂ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን መደባቱ እንዳ ተመርሐ'ዩ ብሰላም ተፈጺሙ። ኣብዚ ጉባኤ ተራ ምእመናን ቅዱስ ገብርኤልን ምትሕብባር ኩለን ኣብያተ ክርስቲያናትን ዕዙዝ ስለ ዝነበረ፥ ካብቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ንላዕሊ ብዝበለጸ ምሉእ ኣማኒ ተባሪኹን ተፈሲሑን ከም ዝቐነየን፥ ብዝያዳ ከኣ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስን መትሮፖሊታን ሰራፊምን ንመጀመርታ ጊዜ ኣብ መንጎ መንፈሳዊ ጉባኤ ምእመናን ተረኺቦም ብጸሎትን ቡራኬን ከምዝመርሕዎ ይዝከር።

ፕሮፈሶር ሃብቱ ገብረኣብ መዓርግ ክህነት ተቐቢሎም፡ ዶር ደሳለ ድማ መዓርግ ዲቁና ተቐቢኡ

ፕሮፈሶር ሃብቱ ገብረኣብ ብቐዳም 24 ሓምለ 2010 ኣብ ከተማ ኒው ዮርክ መዓርግ ክህነት ተቐቢሎም፣ ኣትናቴዎስ ዝብል ናይ ክህነት ስም ድማ ተዋሂብዎም። ዶር ደሳለ ሓደራ ድማ መዓርግ ዲቁና ተቐቢኡ። ብዘሓት ተጋባእቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ መበል 12 ዓመታዊ ጉባኤ ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ፣ ኣቦና ካህን ኣትናቴዎስን ዶር ደሳለን፣ ነዚ ሰማያዊ መዓርግ ብኢድ ብጹኣን ኣቡነ መቃርዮስ ጳጳስ ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ፣ ኣቡነ ሰራፊም ጳጳስ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ዓዲ-እንግዝሊዝ እዮም ተቐቢሎሞ።

ስያትል ቅ. ሥላሴ ቤተክርስትያን: ብመገዲ መርበብ ሓበሬታ: ወትሩ ሰንበት ብቐጥታ ዝምሓላለፍ ናይ ተለቪጅን ኣገልግሎት ጀሚሩ።

እቲ ብመድኃኔ ዓለም ኣትላንታ ዝተጀመረ፡ ብመገዲ መርበብ ሓበሬታ መምበረ-ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ፡ ብቐጥታ ብተለቪጅን ዝመሓላለፍ ኣገልግሎት ኩላተን ኣብያተ ክርስትያናትና ኪሳተፍኦ ብዝተብጽሐ ውሳኔ፡ ናይ ስያትል ቅ. ሥላሴ ድሮ ስሩዕ ኣገልግሎት ቅዳሴን ስብከተ-ወንጌልን ካብ 11:00-1:30 ድሕሪ ቀትሪ (ብናይ ምብራቓዊ ሰሜን ኣመሪካ ኣቆጻጽራ ግዜ) ጀሚሮም ምህላዎም እንዳገለጽና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለማት ተዘርዮም ዝርከቡ ደቂ ቤተክርስትያን ተጠቓምቲ እዚ መንፈሳዊ መኣዲ ኪኾኑ ንላቦ። ብተወሳኺ ኣርባዕተ መንእሰያት ኣገልገልቲ ቤተ ክርስትያን ቅድስት ስላሴ ከተማ ስያትል፡ ብ12 መስከረም 2010 (2 መስከረም 2003 ግእዝ) ዓ.ም መዓርግ ዲቁና (ኣንበብቲ መጻሕፍቲ) ብኢድ ብጹእ ኣቡነ መቃርዮስ ተቐቢኦም። እቲ ጸሎት-ቅብኣት ኣብቲ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2003 ዓመተ-ምሕረት ግእዝ ዝተመሓላለፈ ኣገልግሎት ብመራኽቢ መርበብ ሓበሬታ ተዋህዶ ናብ ህዝቢ ተዘርጊሑ።

ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ሃገረ እስራኤል ኣገልግሎቱ እንዳስፍሐ ብጽቡቕ ይቕጽል ኣሎ።

ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ሃገረ እስራኤል ብቡራኬ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ብዕለት 12 ሰነ 2010 ኣ.ፈ (5 ሰነ 2002 ዓ.ም ግእዝ) ብወግዒ ፈላሚ ኣገልግሎቱ ካብ ዝጅምር ንደሓር ብዙሕን ሰፊሕን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ። ኣብዚ ቅንያት እዚ'ውን ብምኽንያት በዓል ቅዱስ ዮሓንስ ምእታው ሓድሽ ዓመት 2003 ዘመነ ሉቃስ መሠረት ብምግባር፡ ኩሎም ውሉደ ክህነትን ብዙሓት ምእመናንን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ተኣኪቦም ግሩም ዝኾነ በዓል ቅዱስ ዮሓንስ ከምዘብዓሉ ዝበጽሓና ዜና ቤተክርስትያን ይሕብር።

ሓድሽ ሕንጻ ቤተክርስትያን ቅድስት ማርያም በይ ኤርያ ተመሪቑ።

ብውሑዳትን ውሱናትን ኣባላት ዝተጀመረ ኣበርክቶ ምስ ግዜ ብዙሓት እንዳሰዓብዎ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመት ብ$1.4 ሚልዮን ቤተ ክርስትያን ምግዛእን ናብዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ዕብየት ምስግጋር፡ ብሓይሊ ኣምላኽ እምበር ብዓቕሚ ሰብ ጥራሕ ኪኽውን ከምዘይክእል ዘካትዕ ኣይኮነን። ብብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ዝተመርሑ ሊቃውንቲ ኣቦታትን ብብዝሒ ምእመናን ብከብ ዝበለ ፍስሓን ሓጎስን ዝተባረኸ ሓድሽ ህንጻ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣብ ተሳተፍትን ኣባላትን ዝፈጠሮ መንፈስን ኒሕን ኣዝዩ ፍሉይ ነይሩ። እቲ ካብ ቀዳም ጀሚሩ ክሳብ ሰንበት ናይ ኣጋ ምሽት (ጥቅምቲ 9 ን 10/ 2010 ዓ. ም ፈረንጂ) ዝነበረ ጸሎት፡ ቅዳሴ፡ ሕቶን መልስን ምስ ምእመናን ብቐጥታ ብመርበብ ሓበሬታ ሃገረ ስብከት (Live Video) ኣቢሉ ከመሓላለፍ ቀንዩ። ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ነቲ ብወረቓቕቲ ዝቐረበ ኣብ ማሕበራዊ፡ መንፈሳዊ ህይወት፡ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ስርዓት ቤተክርስትያንን ብዘሓት ሕጂ ኣብ ቤተክርስትይንና ዘሎ ከቢድ ቅልውላውን መበገሲኡ እንታይ ምኸኑ... ዘጠቓለለ ብዙሕ ሕቶታት ቀሪቡ። ኣዕጋብን ኣዝዩ መሃርን መልስታት ብብፁእ ኣቦና ብቐንቂታት እንግሊዘኛን ትግርኛን ተዋሂቡ።

ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ሚካኤል ቤተ ክርስቲያን ሻርሎት ኖርዝ ካሮላይና ብምዕሩግ ኣገባብ ተኸቢሩ!

ቦኽሪ ዓመታዊ ክብረ በዓል ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ታቦት ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል ሻርሎትን ከባቢኣን ብደገፍ ኣምላኽ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ልዑል ሓጎስን ፍሉይ በረኸትን ገዲፉ ብድሙቕ ኣገባብ ተኸቢሩ ውዒሉ። እዚ ብልዕሊ 350 ዝኣኽሉ ተሳተፍቲ ምእመናን ነጋድያን ምስ ኣቦታት ካህናትን ዲያቆናትን ብሓባር ተኸቢሩ ዝወዓለ ዝኽሪ በዓል ቅዱስ ሚካኤል፥ ካብ ትጽቢትን ተታሒዙ ዝነበረ መደብን ንላዕሊ ብዝበለጸ ማዕሪጉ ምውዳሉ መርኣያ ናይ ህዝበ ክርስቲያን ንመንፈሳዊ ድሌትን ንፍቕሪ ኣምላኽን ምኹኑ እኳ ብሩህ እንተ ኾነ ተረዳእነት ሊቀ መላእኽት ቅዱስ ሚካኤል ዝተጋህደሉ ኣጋጣሚውን ኢዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ ቅዱሳን መላእክቲ ወትሩ ንምሕረት፥ ንብሥራትን ንበረኸትን ደቂ ሰባት ካብ ርሀሩህ እግዚኣብሔር ዝለኣኹ ብምኹኖም "ሚካኤል ግሩም፥ ነዓ ማእከሌነ ቁም" ኢሉ ህዝቢ ክዝምር ክሎ መልኣክ ሰላም ቅዱስ ሚካኤል ኣብ መንጎ ህዝቢ ኣምላኽ ከም ዝወዓለ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ካህን ኣትናቴዎስ ምስ ድምጺ ኣመሪካ ትግርኛ ፕሮግራም ቃለ-መሕተት ኣካይዶም።

እቲ ብሕዳር 19 ን 22 ክልተ መዓልትታት ዝተገብረ ሰፊሕ ቃለ ምሕተት ውልቃውን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህልዉ ኩነታት ነጻነት ኣምልኾን ዘጠቓለለ እዩ ኔሩ። ካብ ፕሮፌሶር (መምህር ናይ ዩኒቨርሲቲይ) ናብ ማዕርገ ክህነት ኪበጽሑ ዝደረኹም እንታይ ምኹኑ ተሓቲቶም ኣብ ዝሃብዎ መልሲ "እቲ መንፈሳዊ ካብቲ ምድራዊ ማዕርግ ኣዝዩ ከምዝዓቢ ድሕሪ ምግላጽ። ንሶም ናይ መጀመርያ ምሁር ዘይምኹኖምን፡ ሎሚ ኣብ እስሪ ቤት ዝርከቡ ካህን (ዶር) ፍጹም ገብረንጉስን ካህን (ዶር) ተኽለኣብ መንግስተኣብን፡ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ዝበጽሕዎ ደረጃ ምኹኑ ኣብሪሆም። ብተወሳኺ መምብረ-ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካውን ብዙሓት ምሁራት ውሉደ ክህነት ዘልውዎ ሃገረ-ስብከት ምኹኑ ገሊጾም።"

ናብ ገጽ 6 ይቕጽል

ዓምዲ ኣንበብቲ

ሮብዓም፡ እቲ ዘይለባም ንጉሥ

1 ነገ 12፡1-33፡፡

ዘኣንበሳ ማርቆስ

ኣይኮነንዶ ሃገር ዝመርሕ ንጉሥ፡ ተራ ዓኗይ እንተኾነ'ውን ዘይለባም ኪኾውን ኣየጸብቕን እዩ። ዕሽነት ግን፡ ወሰንን ደረትን ዝፈልጥ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ'ውን፡ ኣብ ኹሉን እንዳ ኹሉንዩ ዝርከብ። ማለት ከም'ቲ ኣብ'ቲ ተራ ሕዝቢ ዘይለባማት ዘሎዉ፡ ኣብ'ቲ ማንም ኪጥርጥሮ ዘይክእል ቤተ-መንግሥቲ'ውን ከይተረፈ፡ ልቦና ዝውሕዶም የሎዉን ክበሃል ኣዩ ከኣልን። ካብ ሰሪ መዓቱ የውጽኣና ኪበሃል እንተዘይኮይኑ፡ ዘይለባም ንጉሥ ወይ መራሒ ኣየጋጥምን ቢልካ ኪትድምድም ዝከኣል ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ሮብዓም ወዲ ንጉሥ ሰሎሞን፡ ብልቦና ዝፍለጥ ንጉሥ ብዘይምንባሩ፡ ኣብ ታሪኽ ብዕሽነት ዝኽሰስ ንጉሥ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ግዳስ፡ "ወዲ ሓዊ ሓሙኹሽቲ" ከም ዝበሀል ደኣ ኮይኑ እምበር፡ ሮብዓም፡ ብዕሽነት ዝኽሰስ ንጉሥ ኪኾውን ኣምበይ ምተገብአን። ከመይ'ሲ ካብ ለባማት ሥድራ'ዩ ተወሊዱ። "ወዲ ክልተ እምባ" ቢሉ እንተ ተሓበነ'ውን፡ ዘይግብኦ ኣይነበረን። ኣቦኡን ኣቶም ኣዚዮም ዝተፈልጡ ነገሥታት እስራኤል'ዮም ኔሮም። ንሱ ግን ብባህሪያቱ ንዓኣቶም ኣይመሰለን። ኣሠር ዳዊትን ሰሎሞንን ሒዙ ስለ ዘይተጓዕዘ ኾዓ፡ ሕዝቢ ክበታተንን ሃገር ክፈርስን ምኽኒያት ኮይኑ ተረኺቡ። ግዳስ፡ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኴይኑ ደኣ፡ ሮብዓም፡ ወራስ-መንግሥቲ ሰሎሞን ብምኗን፡ ናብ ሥልጣን መጺኡ እምበር፡ ሕዝቢ ክመርሕ ኮነ ሃገር ኬማሓድር ዘኽእሎ ብቕዓት ኔሩዎ ዝበሃል ኣይኮነን። ወዲ ሰሎሞን ብምኗኑ ግና፡ ንጉሥ ክበሃል ከም ዝበቕዐ ንርኢ። ብመሠረቱ ክርአ ከሎ፡ ሕዝቢ-እስራኤል ብምምሕዳር ንጉሥ-ሰሎሞን'ውን ሕጉሳት ከም ዘይነበሩ'ዩ ዝፍለጥ። ንመንግሥቲ-ሮብዓም ክቃወሙዎ'ውን እኹል ምኽኒያት ኔሩዎም እዩ። ንኹሉ ነገር ብልቦና ስለ ዝጠመቱዎ ግን፡ ዕንቅፋት ኮይኖም ክርከቡ ዝደለዩ ኣይመሰሉን። ፍታሕ ዝደልዩሉ ጸገማት ግን፡ ኣይነበሮምን ማለት ኣይኮነን።

ስለ ዝኾነ'ውን፡ ኣብ'ቲ ሮብዓም መጀመርታ ናብ ሥልጣን ዝመጸሉ እዋን፡ ወጽዓኦም ኬስምዑ ትሕት ቢሎም፡ ብልቦና ቀሪቦምዎ እዮም። እቲ ንሳቶም ዝበልዎ ቃል ... "ኣቦኻ ከቢድ ኣርዑት'ዩ ጽዒኑና ጸኒሑ። ስለ'ዚ ንስኻ ነቲ ብርቱዕ መግዛእቲ ኣቦኻን፡ ነቲ ዝሰቐለልና ከቢድ ኣርዑትን ኣፍኩሰልና። ንሕና ድማ፡ ክንግዝኣካ ኢና...።" ብምባል'ዮም ጸገሞም ክርድኣሎም ብልቦና ተዛሪቦሞ። እንተኾነ ግዳስ፡ ነቲ ሕቶ ሕዝቢ ቅልጡፍ መልሲ ኪወሃቦ'ኳ ዝግባእ እንተ ነበረ፡ ሮብዓም ግና፡ ዝጭነቐሉ ጕዳይ መሲሉ ኣይተራእዮን። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ንኽምለስዎ ቁጸራ ሂቡ ኣፋነዎም።

ርግጽ'ዩ፡ እቲ ንጉሥ ክመክር ምድላዩ ዘንቅፎ ኣይኮነን። ከመይ'ሲ፡ ጕዳይ ሕዝቢ ዝኣክል ዓብይ ጕዳይ፡ ብደረጃ ባይቶ ክምከረሉን ክውሰንን ስለ ዝግባእ፡ ክመክር'የ ምባሉ ተጋግዩ ዜብል ምኽኒያት ኪኾውን ኣይክእልን። ስለ ዝኾነ'ውን፡ ብቕዳምነት ነቶም ምስ ኣቡኡ ዝነበሩ መኳንንቲ፡ ነቶም ሕዝቢ እንታይ መልሲ ክህቦም ከም ዘሎዎ ምኽሪ ሓቲትዎም። ንሳቶም ድማ፡ ሰብ ጸጋ ዕድመ ኣብ ርእሲ ምኗኖም፡ ነቲ ሕቶ ሕዝቢ'ውን ኣጸቢቕም ዝፈልጥዎ ስለ ዝነበሩ፡ መልሲ እንታይ ኪኾውን ከም ዘሎዎ ዝጠፍኦም ኣይነበረን። ንሕቶ ሕዝቢ ብእወንታ ተቐቢሉ፡ ካብ'ቲ ተጸዒንዎም ዝነበረ ኣርዑት-ጭቆና ኬገላግሎም እዮም መኺሮምዎ።

ምኽሪ እዞም ዓበይቲ ክድገፍ ዝግብኦ፡ ሓቅን ቅኑዕን'ኳ እንተ ነበረ፡ ንጉሥ ግን፡ በዚ ዝተባህለ ምኽሪ ዕግበት ስለ ዘይተሰመየ፡ ነቶም ኣብ ዕድመ ጉብዝና ዝነበሩ መሳትኡ፡ ንስኻትኩም'ከ እንታይ ትመኽርሩኒ፧ ብምባል ሓተቶም። "ልቢ ጐበዝ ኣብ ደረቱ" ከም ዝበሃል ስለ ዝኾነ ድማ፡ ኣብ'ቲ ሕዝቢ ንዝጸንሐ ሕሰምን መከራን ብዝኸፍአ መልክዑ ክቕጽሎ'ዮም ኣተባቢያምዎ። ቃል ብቃሉ ድማ፡ "ኣርዑት ከኽብደሎምን ብጩጕራፍ ክገርፎምን" ምኽሪ ቢሎም ነኒሮምዎ። እዚ ማለት ድማ፡ ከም'ቲ ዓደ ኣምሓራ "የእብድ ገላጋይ ድንጋይ ያቀብላል" ዝብሉዎ እንተ ዘይኮይኑ፡ ንሕዝብን መንግሥትን ኣብ ምቅርራብ ዝሕግዝ ምኽሪ ኣይነበረን።

እቲ ንመንግሥታዊ ሓላፍነት ይኹን ብቕዓት ኔሩዎ ዘይበሃል ንጉሥ ድማ፡ ንምኽሪ እቶም ዓበይቲ ገዲፉ፡ ነቲ ዳሕረዋይ፡ በቶም ኣጉባዝ ዝቐረበሉ ሓሳብ'ዩ ትቐቢሉ። ስለ ዝኾነ'ውን፡ እቶም ሕዝቢ ኣብ ቁጸረኦም ምስ መጽእዎ፡ ዘይተጸብይዎ መልሲ ሒዙ ተቐበሎም። በሎም'ውን፡ "ኣቦይ፡ ብሓለንጊ'ዩ ገሪፉኩም። ኣነ ግና፡ ብጩጕራፍ ክገርፈኩም እየ። ኣቦይ፡ ከቢድ ኣርዑት ጽዒንኩም፡ ኣነ ኸዓ፡ ካልእ ኣርዑት ኪውስኽኩም እየ፡" ብምባል፡ ብዛዕባ ሰብኣዊ ክብርን መሰልን ግዲ ከም ዘይብሉ ብግልጺ ነጊርዎም። ስልጣን ብጥንቃቐ እንተዘይሒዝካዮ መጋገዪ እዩ፡ ካብ ፍትሒ እንተርሒቕካ ሓይልኻን ሰራዊትካን እምበር ሓይሊ ህዝቢ ኣይርኣየካን እዩ። ኣሰር ሮብዓም ዘይለባም ንጉስ ዝስዓቡን ዝስዕቡ ዘሎዉን ብዙሓት ነገስታት ከምዘሎዉ ካብ ታሪኽን ህልዊ ኩነታት ዓለምን ንምሃር።

ኮይኑ ግን፡ እቲ ሕዝቢ፡ ንኽም'ዚ ዝኣመሰሊ ንዕቀት ሮብዓም፡ ኣሜን ቢሉ ኪቕበል ፍቓደኛ ኮይኑ ኣይተረኽበን። "እምቢ ንባርነት!" ቢሎም ኪለዓሉ ኸዓ፡ ጊዜ ኣይወሰደሎምን። እንዳ ተናዕቁን እንዳ ተረግጹን ካብ ምንባር'ውን "እምቢ!!" ክብሉ ምርጫኦም ኮነ። በዚ ኸም'ዚ ኸዓ፡ ኣንጻር እቲ ግፍዐኛ መንግሥቲ ብነድሪ ተላዕሉ። ከም'ቲ ከም ብርቱዕ ማዕበል ሆ! ቢሉ ዝተላዕለ ሕዝቢ ኸዓ፡ ክዓግቶ ዝኽኣለ ኃይሊ ኣይተረኽበን። በዚ ኸዓ፡ ንምንግሥቲ ሮብዓም ነጺጎም፡ ንረብሓኦም ዝውክል ሕዝባዊ-መንግሥቲ ኬቕሙ ከኣሉ። እቲ ንጉሥ ክልተ-ነገድ ሒዙ ክተርፍ ከሎ፡ እቶም ሕዝቢ ኸዓ፡ ንዓሠርተው-ክልተ ነገድ ዝውክል ምንግሥቲ ኣቕሙ። ብዕሽነት ሮብዓም ድማ፡ እቲ ሕዝቢ ኣብ ክልተ ተመቕለ። ሃገር ፈረሰ፡ ሕዝቢ'ውን ተበታተነ። ከም'ቲ፡ "ቅኑዕ ኣመራርሓ ዘይብላ መንግሥቲ ትወድቕ፡" ዝበሎ ሰሎሞን'ውን፡ ኣብ ጊዜ ሮብዓም ክፍጸም ተራኤ። (ምሳ. 11፡14)። እምበኣር'ስከ፡ እዚ ኹሉ ኬርኤና ዝኽእል፡ ብትዕቢት ዝሰኽረ ዕቡድ ምንግሥቲ፡ ካብ ዘሕፍር ውድቀት ኬምልጥ ዘይምኽኣሉ እዩ። ብገዛእ ሕዝቡ ዝተኻዕበ መንግሥቲ ኸዓ፡ መንግሥቲ ኮይኑ ንምቕጻል ዘሎ ዕድል ዝማህመነ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ዕድል ሮብዓም ዝሓሸ ዕድል ኪጽበዩ ይኽእል'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ከምይ'ሲ፡ "ዋና ሃገር ሕዝቢ እምበር፡ መንግሥቲ ኣይኮነን፡፡" እቶም ንሰብኣዊ-መሰል ኣኽብሮት ዘይብሎም ሮብዓማት ግና፡ ልዕልና-ሕዝቢ ኣሚኖም ኪቕበሉ ስለ ዝኽብዶም፡ ንሕዝቢ ረጊጽካን ጨፍሊቕካን ከም ዝርዕድ ብምግባር'ዮም እቲ ግድል ዝፍታሕ ዝመስሎም። ነዲሩ ዝተላዕለ ማዕበል ሕዝቢ ግና፡ ብኃይሊ ጠብ-መንጃ (ብረት) ኪዕገት ዝከኣል ኣይኮነን።

ብዝተረፈ፡ ኣብ'ቲ እዋን እስራኤላውያን ኬማርሩ ዝገበሮም ምኽኒያት፡ ክሳብ ጢሮስ ዝኣክል ርሕቀት ተጓዒዞም ኣእማን ክጓርቱን፡ ኣግራብ ክኽርቱን ላሕ ዝበልሉ እዋን'ዩ ኔሩ። ትእዛዝ መንግሥቲ ስለ ዝኾኖም'ውን፡ ንዓመታት ኣብ በረኻታት ከርተት ቢሎም'ዮም። ዘይጣሕሰሱዎ ሩባን ኩርባን እውን ኣይነበሮምን። እዚ ካብ ባርነት ዘይሓይሽ ሕይወት'ዚ ኸዓ'ዩ "ይኣክል ቢሎም፡ እምቢ ንባርነት ክብሉ ዘለዓዓሎም፡፡" እዚ ኬርኤና ዝኽእል ኸዓ፡ "ኃያል ሕዝቢ እምበር፡ ኃያል ምንግሥቲ ዘይምህላዉ እዩ። ብመኽተ ሕዝቢ ዘይምብርከኽ ምንግሥቲ ድማ የልቦን። ዓምዲታት ታሪኽ ከም ዘረጋግጽዎ፡ ሰዓሪ ኴይኑ ብዓወት ዝውድእ ሕዝቢ እምበር መንግሥቲ ኣይኮነን፡፡" ብዝኾነ፡ ደቂ ሰባት ካብ ሕሉፍ ጌጋታት ክማሃሩ እንተዝኽእሉ ኔሮም፡ ውድቀት ሮብዓም፡ ብዙሓት ኪማሃርሉ ዝግባኦ ዓቢይ ተመኩሮ ኔሩ።

ታሪኽ ክዳጋገም ስለ ዝነብር ግን፡ በቢእዋኑን ዘመኑን፡ ብዙሓት ሮብዓማት መጺኦም፡ ብዙሓት ኸዓ፡ ሓሊፎም'ዮም። ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መበል 21-ሚእቲ ክፍለ-ዘመን'ዚ እውን፡ ዓለምና ካብ ሮብዓማት ናፃ'ያ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ከመይ'ሲ፡ ሮብዓማት ንልዕልና-ሕጊ ኣሚኖም ኪቕበሉ ባኅሪያቶም ስለ ዘይፈቕደሎም፡ መሰል ሕዝቢ ብምርጋፅ'ዮም ዘመነ-ሥላጣኖም ኬናውሑ ዝደልዩ። ግዳ ንዓታቶም ደኣ ይመስሎም ይኹውን እምበር፡ ድሕሪ ደጊም'ሲ፡ "ብጭጕራፍ እናተገርፈ" ሕራይን ኣሜንን እናበለ ዝግዝኦም ሕዝቢ ኪረኽቡ ዘይሕለም እዩ።

ዜና ዕረፍቲ መምህር ተወልደብርሃን ዓምደመስቀል

ዓደ'ቦና ከምዚ ዝኣመሰለ ወደቓ ኬጋጥሞም ከሎ'ዮም፣ "ናይ ሞት ይጽናሕ፡ ናይ ሕልፊት ይበኽ" ዚብሉ። ከምዚፍለጥ ብዛዕባ ሞት እንተኹይኑ፣ ኩሉ'ዩ ዚመውት'ሞ፣ ብዛዕባ ሞት ክንዛረብ እነጥፍኦ ግዜ የብልናን። ብዛዕባ ሕልፊት ግን፡ ዋይ! እናበልና እንተ'ልቀስና፣ ዜኽፍኣልና ኣይኮነን። ከመይሲ ሞት መምህር ተወልደብርሃን ንደምበ ተዋሕዶና ናይ ሕልፊታት ሕልፊት ስለ ዝኾነ፣ ዘይንበኽየሉን ዘይንሓዝነሉን ምኽንያት የብልናን።

ከም ዚፍለጥ፡ ብዙሓት ሊቃውንቲ ቤተ-ክርስቲያን፡ ቅድምን ድሕርን ኮይኖም ተመራራሑም ምስ ኩዱ፣ ኩለን ኣዒንቲ ናብ መምህር ተወልደብርሃን ኣቢለን ኪጥምታ ከም ዝጸንሓ ርግጽ'ዩ። ከም ትሑዝ ተቜጺሮም'ውን፡ "ንሶም እንዶ ኣየለዉን!" ኪብሃል ጸኒሑ'ዩ።

መምህር ተወልደብርሃን ክሳዕ ዘለዉ፣ ሰብ የብልናን ምባል ከም ዘይክኣል'ውን፣ ኣብቲ ደምበ ተዋሕዶና ዝጸንሐ እምነት'ዩ። እንተኹነ እቲ ከይመጽእ ኪፍራህ ዝጸንሐ "ሞት" ሕልፊት ኣኽቲሉ ሓደጋ ወዲቑና። ናይ'ዚ ሓደጋ'ዚ ግዳይ ከኣ፡ እቶም እንኮ ተሪፎምና ዝጸንሑ ዓቢይን ክቡርን ሊቅ ምኗኖም፣ እቲ ካብ ኣሥመራ ዝመጸ መሪር መርድእ ይስማዕ ኣሎ። መቸም እዚ መርድእ'ዚ ሕልሚ ኮይኑ ኪሓልፈልና እንተ ዚኽእል፣ ክንደይ ኮን ምተሓጐስና ኔርና። በየናይ ዕድልና'ሞ ክንረኽቦ! ስለዚ'ውን፡ እቶም ብኹሉ መዐቀኒ ሊቀ-ሊቃውንት ኢልካ ኪግለጹ ዚኽእሉ መምህር፣ "ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ፣ ጕያይ'ውን ወዲኦ" ብምባል፣ ምድራዊ ዑደቶም ዛዚሞም ከም ዝሓለፉ ይንገረና ኣሎ። እታ ካብ ንእስነቶም ብምንኩስና ንምሉእ ዘመኖም ዘገልገልዋ ቤተክርስትያን ንሶም ከም ባዕዲ ኣብ ደገ፡ ጭዋ ሰብ እቶ ይፍታሕ ኸኣ ገባርን ሓዳግን ኣብ ውሻጠ ብምኗን ንብዙሓትን መነኮሳት ኣቦታትና እንኮላይ ንኣቦና ብዝሑ ገፊዕዎምን ይገፍዕን ኣሎ። ነታ መዋእሎም ዘገልገልዋ ቤተክርስትያን ኣብ ከምዚ ብምውዳቕ ኣባ ተወልደብርሃን ምስ ዓምዩቕን ከቢድን ጓሂ እዮም ሓሊፎም። መምበረ-ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ ዝተሰመየ መሪር ሓዘን እንዳገለጸ ንኣቦና ዕረፍቲ ንቤተክርስትያንና ኸኣ ፍትሕን ተካእቲ ኣገልገልቲ ኪህባን ይልምንን ይምህለልን።

ቀሺ በርሀ ወልደማርያም፡ ካብ ንእስነት ክሳብ ዕቤት፡ ኣብ ቤተ-እግዚኣብሔር ዘገልገሉ ዓብዩ መምህር ዓሪፎም።

ቅድሚ ሓሙሳ-ዓመት ኣቢሉ፡ "ማኅበር ሓዋርያት" ክምሥረት ከሎ፡ ቀሺ በርሀ ገና ንእሽቶ ዲያቆን እዮም ኔሮም። ታሪኽ ኣቦና ቀሺ በርሀ የማነ-ጸጋም ከየግለሰ፡ ኣብ ቤተ-ክርስቲያን ተጀሚሩ ኣብኡ እዩ ዝዛዘም። ኣብ ደምበ ተዋሕዶ ቦኾሎም፡ ንኦርቶዶክስ ሃይማኖቶም ቅዱስ ቅንኣት ዝነበሮም፤ ምእንቲ ተሓድሶን ዕቤትን ቤተ-ክርስቲያን ብዘይ ዕረፍቲ ዝጐየዩ ዝተቓለሱን፤ ብልቦኖኦም ዝፍለጡ ከቢድ ካህን እዮም ኔሮም።



እንተኾነ ከምቲ ዝምነይዎ ትንሳኤን ዕብየትን ቤተክርስትያን ዘይኮነስ መገዳ ስሒታ ብጭዋ እትምራሕ ቤተክርስትያን ብምርኣዮም ምስ ከቢድ ጓሂኣም ከምዝሓለፉ ብቕረባ ዝፈልጥዎም ይምስክሩ። መምበረ-ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ ንቤተሰብ ጽንዓት፡ ንክቡር ኣቦና ዕረፍቲ፡ ንቤተክርስትያንና ኸኣ እግዚኣብሔር ቁሊሕ ኪብለናን ተካእቲ መንፈሳውያን መራሕቲ ኪህበና ንልምን።

ኣምላኽ ክረድእ እዩ!

ብደቂቀ እንጦንዮስ ኤውሮጳ

ቲ'ጸላኢ ተትሓጎሰ ኣብ መንጎና ኣትዩ
ኣይነብርን ብኸምዚ ኩሉ ክቕየር'ዩ
ጥራሕ ንጸበዮ ኣምላኽና እሙን'ዩ
ንኹሉ ከዕርፎ ኢየሱስ ክመጽእ'ዩ
ክረድእ'ዩ ጎይታ ጥራሕ ንጸበዮ
ኢዱ ክሰድድ'ዩ ንቤቱ ክጽርዮ
ንስርናይ ካብ ክርዳድ በጻብዑ ክፈልዮ
ጥራሕ ኣይንደሃል በዚ እንርእዮ
ንውዕለት ናይ መስቀል ብትብዓት ነውርዮ
ትዑቡይ ተዕለበጠ ዝመስል ዘይሰዓር
ጥራሕ ብእምነት ናብ ኣምላኽና ንዘምር
ኣብ ትሕቲኡ ንማዕቆብ ክንሪኢ'ና ተኣምር
ንሕና'ና ሰዓርቲ ክንወርሳ'ና ታ ሃገር
ዝሕጇ ንሪኦ ጽንሕ ኢሉ የሎን
ኣብ ቦትኡ ኳ ተደለናዮ ፍጹም ኣይንረኽቦን
የዒንቲና ኪሪኣ'ዮን መስተንክር ኪኸውን
ዝረገጽናዮ ክንወርሶ'ና
ምህርትና ክንሓፍስ'ና
ጥራሕ ንዑኡ ንሃቦ ኩሉ ዝኸብደና
ኢድ ናይ ረሲኣን ተሰጎንትና
እግሪ ዑቡያት ተተንቃሳቀሳ ክሕንኩላና
ንሓቂ ብምምስካርና ተጸለሙ ሽምና
ይደኽሙ ደኣ እምበር ፍጹም ነይስዕሩና
ኣምላኽዩ ረዲኤትና
ኣምላኽዩ ዋልታና
እቶም ዑቡያት ከይነልዕል ንስሙ
ዋላ ተጸዓሩ መንፈስና ከድኩሙ
ዓቅሎም ጸቢብዎም ኣብ ዙርያና ተጓዘሙ
ክመጽእ'ዩ ኢየሱስ ልክዕ ከም ቀደሙ
ኡፍ ኢሉ ከጥፈኦም ብሓይሉ ክሃጥሙ
ሓወይ ተዓዘቦ ጽባሕ ትድሕሪቱ
ሓፍተይ ተጸበዩ ጽባሕ ትድሕሪቱ
ኣይነብርን ብኸምዚ ነፈሉ ደረቱ
ስለ ዘይነብር ምስ ኣምላኽ ፍጡር ሞጕቱ
ክሓልፍዩ ኩሉ ምስ በጽሐ ዕለቱ (2)

ማሕበራዊ ህይወት

ዕርክነት ጸጸር፣ ክዕቀብ ዘለዎ ያታዊ ናይ ፍቕሪ ኪዳን።

ብመም/ ተኽለ ተስፋ

መንፈሳዊ ተልእኾ ናይዛ "ዕርክነት" እትብል ቃል ዝኾነ ኣማኒ ኣብ እምነቱ ጸኒዑ፣ ክሳብ ተበጃውነት ድልዊ ኪኸውን ከም ዘለዎ፣ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣገልገልቱ ሓዋርያት "ንዓኻትኩም **ነዕሩኹይ** እብለኩም ኣሎኹ፣ሥጋ ንዚቕትሉ ኣይትፍርሕዎም፣ ምኽንያቱ ካብኡ ንንየው ዚገብርዎ የብሎምን።" ሉቃ. 12፡4። ብማለት ከምቲ ንሱ ምእንቲ ድሕነት ኣመንቲ ህዝቡ ንኺብጆ ድልዊ ዝነበረ ንሳቶም ድማ ክሳብ መስዋእቲ ኣብ እምነቶም ኪጸንዑ ዝሃበም ለበዋ ኢያ። ከምኡ'ውን ከምቲ ሓደ ዓርኪ ንእሙን ዓርኩ ምስጢሩ ዘካፍሎ ኢየሱስ ድማ ነቶም ኣገልገልቱ ሓዋርያት እሙናት ኣዕሩኽተይ ብማለት እቲ ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ኣቦኡን ዘሎ ምስጢር ብኽምዚ ይገልጸሎም "ሰብ ካብቲ ኣብ ከንዲ **ኣዕሩኹ** ንሕይወቱ በጃ ኣሕሊፉ ዚህቦ ዝዓቢ ፍቕሪ የብሉን። ንስኻትኩም እዚ ዝኣዘዝኩኹም ዘበለ እንተ ፈጸምኩም **ኣዕሩኹይ** ኢኹም። ደጊም ጊላዎት ኣይብለኩምን ኢየ፣ ጊልያስ ጐይትኡ ዝገብሮ ኣይፈልጥን ኢዩ፣ ኣነ ግን እቲ ካብ ኣቦይ ዝሰማዕኩዎ ዘበለ ንዓኻትኩም ስለ ዘፍለጥኩኹም **ኣዕሩኹይ** ኢኹም እብለኩም ኣሎኹ።" ዮሃ. 15፡12-15

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን ህዝበ ክርስትያን፣ ቀዳሞት ወለድና'ውን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ዝቕጽል ምዕቡልን ጥቡቕን ዝኾነ "ብዕርክነት ጸጸር" ዝፍለጥ ሓድሕዳዊ ፍቕሪ ከም ዝነበሮም ታሪኽ ካብ ወለድና ወይ ዓቢይቲ ሰባት ሰሚዕና ንኸውን። መሰረት ናይዚ ሓድሕዳዊ ፍቕሪ'ዚ መንእሰያትና ካብ ሕጻንነቶም ማለት ደቂ 8 -12 ዓመት ከለዉ ጀሚሮም ጸጸር ብምውሓጥ ኢዮም ዝጅምርዎ። ጸጸር ብኣጻብዕካ ዘይፍርከሽ ብኣስናንካ ዘይቑርጠም ተሪር ነገር ስለ ዝኾነ ኢዮም መንእሰያትና፣ ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝምስረት ዕርክነት ከም ጸጸር ዝጠንከረ ኪኸውን፣ ኣብ ግዜ ሽግርና ከይንጠላለም፣ ኣብ ግዜ ራህዋ ብሓባር ክንሕጎስ፣ እንተ ተጣለምና ግን ኣምላኽ ይጥለመና ብማለት ነታ ጸጸር ብምውሓጥ ኪዳኖም ዘረጋግጹ። ሎሚ ግን ሰብ ብስነ-ፍልጠት ዝራቕቕሉ ዘሎ ግዜ ስለ ዝኾነ እቲ ጸጸር ናይ ምውሓጥ ግዜ ዝሓለፎ ክበሃል ስለ ዝከኣል፣ መንእሰያትና ነቲ ዓሚቕ ያታዊ ባህልና ትርጉሙ ተረዲኦም ብዘይ ምውሓጥ ጸጸር'ውን እንተ ተኽተልም ኣኻሊ'ዩ። እዞም መንእሰያት'ዚኦም ነዚ ጽኑዕ ዕርክነት ኪምስርቱ ከሎዉ ሽግርን ራህዋን ኣሕሊፎም ዘይኮነ ነቲ ኣብ መንጎ ወለዶም ከም ሰረተ እምነት ዝጸንሐ ብዓይኖም ዝዕዘብዎ ግብራዊ ፍቕርን ምትሕልላይን ኣብነት ብምግባር ኢዮም። እቶም መንእሰያት ዓቕመ-ኣዳም በጺሖም ቃል ኪዳን ኣብ ዝኣስሩሉ ግዜ ነቲ ኣብ ንእስነቶም ብጸጸር ሰሪቶም ዝጸንሑ ዕርክነት ብያታዊ ዓርኪ ርእሲነት ናብ ዝለዓለ ደረጃ የሰጋግርዎ። እዞም መንእሰያት ከምቲ ኣብ ግዜኦም ዝነበረ ባህላዊ ልማድ ብምርጫ ስድራ-ቤቶም ምስ ተመርዓዉ ዕርክነቶም ይሰፍሕን ብቁጽሪ ይስስንን። ነቲ ድልዱል መሰረት ሒዙ ዘሎ ጥቡቕ ዕርክነቶም ድማ ብዝተፈላለየ ማሕበራት ንመታኣኻኽቢ ከም ማሕበር ኢየሱስ፣ ማርያም፣ ሚካኤል፣ ገብርኤል ወዘተ በቢ12 (ኣብነት ናይ ሓዋርያት ብምኽታል) ተደራጅዮም መምስ ኣንስቶም ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ እናተኣከቡ ምዉቕ መንፈሳዊ ፍቕሪ የሕልፉ። ነተን ዝዓረኹለን ደቂ ኣንስትዮ፣ ዓርከተይ እገሊት እናበሉ ይጽውዕወን። ሓደ ዓርኪ እታ ዓርከቱ (መርዓት ዓርኩ) ናይ መንፈስ ሓብቱ ስለዝኾነት፣ ኣብ ሓደ ንእዲ ወይ መደብ ሓንቲ ነጸላ ተኽዲኖም ዝድቅሱሉ ግዜ ነይሩ'ዩ። ናይ ዕርክነቶም ቃል ኪዳን ኣብ ፍርሓት እግዚኣብሔር ዝተመስረተ ልባዊ መንፈሳዊ ፍቕርን ምትእምማንን ዘለዎ ስለዝነበረ ድማ ኣብ ኣእምሮ ነብሲ-ወከፎም ከመጽእ ዝኽእል ናይ ስጋዊ ርክብ እከይ ትምኒት ወይ ስሜት ቦታ ኣይነበሮን።

ካብዚ ሓሊፎም ሓደ ዓርኪ ንሓደ ክፍጽሞ ዘይደለዮ ዘይኣመነሉ ነገር ኣይከውንን'ዩ ኣይገብሮን'ዩ ንማለት ቁርጺ ውሳኔኡ ንምርግጋጽ በታ ዝዓረኽላ መርዓት ዓርኩ "ዓርከተይ" እገሊት ኢሉ እንተድኣ ምሒሉ ነገር ተደምዲሙ ማለት ኢዩ። ዕርክነቶም ኣብ ግዜ ራህዋን ሓጎስን ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣብ ግዜ ሽግርን ጸበባን'ውን ተኻፈልቲ ብምኺን ከም ኣጋጣሚ ሓደ ካብዞም ኣዕሩኽ ብሕማም እንተድኣ ተደኒሱ ወይ ብሞት ተፈልዩ፣ እቲ ብህይወት ዘሎ ዓርኪ፣ ነታ ሰበይቲ ስንኩል ወይ መዋቲ ዓርኩ ይኹን ደቂ ዓርኩ ሓላፍነት ወሲዱ ልክዕ ከም ደቁ ይናብዮምን ይሕብሕቦምን ነይሩ። ካብዚ ክንርዳእ እንኽእል እምበኣር እታ ጸጸር፣ ጸጸር ጽኑዕ ኪዳን፣ ጸጸር ማሕላ፣ ጸጸር ሕድሪ፣ ንወለድና ብዕርክነት ጠርኒፋ ዘሕለፈት ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሕብረተ ሰብና ዓቢ ግደ ዝነበራ ጽንዕቲ ናይ እምነት ኪዳን'ያ።

እዚ መወዳድርቲ ዘይብሉ ጽኑዕ ናይ ዕርክነትን ምትሕልላይን ውርሻ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ'ውን ተራእዩ'ዩ። መንእሰይ ኤርትራ ክቱር ፍቕሪ ህዝቡን ሃገሩን ስለ ዝነበሮ፣ ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ፣ ኣነ በጃ ህዝበይ ምስ ሓለፍኩ፣ ዝተረፈ ህዝቢ ሃገረይ ይርሃዎን ይቕሰንን ብማለት ተሰዊኡን በጃ ህዝቡ ሓሊፉ'ዩ።

ዝኸበርኩም ህዝበ ክርስትያን፡ እዚ ሕጂ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ ግን ነዚ ኣብ ወለድና ዝነበረ ኣብ እምነት ዝተመስረተ ምዕቡል ናይ ዕርክነትን ሓድሕዳዊ ፍቕርን ምትሕልላይን ባህሊ ዝፈለጦን ዝዓቀቦን ኣይመስለንን። ምኽንያቱ **ኣብቲ ምስ ባህሊ ወለዱ ዝተኣሳሰረ ፍቕሪ ዘናድየሉ ዘሎ ጎደና ወይ መንገዲ፣ እታ ፍቕሪ ጠፊኣቶ ኢዩ ኣንፈቱ ዝስሕት ዘሎ**። እሞ ደቅና ኣንፈት ባህሊ ወለዶም ከም ዝሰሓቱ ንፈልጥ እንተድኣ ኮይና እቲ ጉድለት ካብ መን'ዩ? ኣነ ብወገነይ እቲ ጉድለት ካብዞም ሕጂ ዘሎና ወለዲ ከም ዝኾነ ብከምዚ ዝስዕብ ኪገልጾ ኪፍትን ኢየ።

1) ሓደ ሓደ ወለዲ ኣብ ደቆም ብዘርእይዎ ደረት ኣልቦ ሽለልትነት፣ እቶም መንእሰያት በቲ ዘሎ ናይ ኣከባቢ ባህላዊ ዕብለላ ብዙሕ መሰናኽላት የጋጥሞም፣ ነቲ ድሕረ-ባይታ ዘይጸንሖም፣ መሰረታዊ ባህሊ ወለዶም ስሒቶም ከኣ ኣብ ዘይተደላዩ ምዕራባዊ ባህሊ ይጥሕሉ ኣለዉ፣ ምኽንያቱ ድማ እቲ ጥበበኛ ንጉስ ሰሎሞን ዝሃበና ዓብዩን ቅዱስን ምኽሪ **"ንቆልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኦ መንገዲ ኣላምዶ እሞ ምሉእ ህይወቱ ካብኣ ኣይኪልግስን ኢዩ።" (ምሳ. 22፡6)** ዝብል ካብ ወለዲ ኣብ ግዜኡ ኣይረኽብዎን። ሰብ ዝዘርኦ ከምዝዓጽድ ርዱእ ነገር'ዩ። ድልዱል እምነት ወለድና ዘሰነየናን መሰረት ዝኾነናን ብዙሓት ኣሎና።

2) ንሓደ ሕጻን ኮስኮስና ከነዕብዮ ዝግበኣና እምበኣር፣ ብመግቡን ክዳኑን ትምህርቱን ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ሃናጺን ምዕቡልን ያታዊ ባህልታት ኣቦታቱ ከንውርሶ ግዴታና ኪኸውን ከሎ፣ ነቲ **"ካብ ሕጻንነትካ ጀሚርካ ነተን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትፈልጠን ኢኻ። ንሳተን ንክርስቶስ ኢየሱስ ብምእማን ናብ ምድሓን ኬብጽሕ ዜኽእል ጥበብ ኪህባኻ ይኽእላ ኢየን" (2ይ ጢሞ. 3፡15)** ዚብል ድልዱል ናይ ምድሓን መሰረት ኪንገብረሎም ከሎና ኢዩ።

3) ንሕና ኣውረስቲ ክንከውን ከኣ ንገዛእ ርእስና ክንፈልጦን ከነተግብሮን ይግበኣና። ቅዱስ ጳውሎስ ከኣ ነቲ ካብ ኩሎም መተዓይይቱ ፍሉይን ንኡድን ዝነበረ፡ ጢሞቴዎስ መሰረት እምነቱ ካብ ወለዱ ዝተወርሰ ምኺኑ ብኽምዚ ገሊጹልና ኣሎ። "**ነታ ጥርጥር ዘይብላ ኣባኻ ዘላ እምነት እዝከራ እየ። እዛ እምነት እዚኣ ቅድም ኣብ ዓባይካ ሎይድ፡ ከምኡውን ኣብ ኣዴኻ ኤውንቴ ነበረት። ሕጂ ኸኣ ኣባኻ ከም ዘላ ኣሚነ ኣሎኹ።" 2 ጢሞ 1፡5።**

እምበኣር ናብታ "ዕርክነት ጸጸር" እትብል ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ፣ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ጽኑዕ ዕርክነት ወይ ፍቕሪ ክህሉ ዝኽእል፣ ኣብ ርእሲ'ቲ ካብ ወለዲ ዝቕሰም መባእታዊ መንፈሳዊ ስነ-ምግባር፣ ኣብ ኣምላኽ እትኣምንን ንኣምላኽ እተፍቅርን እትፈርሕን ምስ እትኸውን ጥራሕ ኢዩ። ምኽንያቱ ኣምላኽ እታ ቀዳመይትን ዝዓበየትን ትእዛዝ ዝኣዘዘና ንዕኡ ምፍቃር ኢዩ። እታ ኣምላኻዊ ትእዛዝ እምበኣር "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፣ ብምሉእ ነፍስኻን ብምሉእ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ።" እታ ካላኣይቲ እትምስላ ድማ "ንብጻይካ ከም ነብስኻ ኣፍቅሮ" ዝብላ ኢየን። ማቴ. 12፡37-39፡ ማር. 12፡30-31፡ ሉቃ. 10፡27-28።

እዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ህዝብና ግን መብዝሕትኡ ብዝተፈላለዩ ረቛሒታት ካብ እምነትን ፍቕሪ ኣምላኽን ርሒቕ ኢዩ ጸኒሑ። ምኽንያት መርሓቒኡ ከም ኣብነት ኪጥቀሱ ዚኽእሉ፡ **ሀ)** ካብ ምምሕዳር ዝሓለፈ ወተሃደራዊ ስርዓት ጀሚሩ ዝቐጸለ፣ ህዝብና ብማርክሲዝም ለኒንዝም ዴሳዊ ፍልስፍና ኣእምሮኡ ተሓጺቡ ካብ እምነት ኣምላኽ ርሒቕ ኣብ ነገር (Matter) ተጸጊዑ ኢዩ ጸኑሑ። እምነትካ ኣብ ነገር (Matter) ኮይኑ፣ ኣምላኽ የሎን ኣብ ምባል እንተድኣ ተበጺሑ ከኣ ኣገልጋሊ ናይ ሰይጣን ካብ ምኺን ሓሊፍካ እትህቦ መንፈሳዊ ኣበርክቶ የልቦን። እምነትን ፍርሓት ኣምላኽን ዘይብሉ ወለዶ ከኣ፣ እተን ካብ ወለዱ ከውረሳ ዝግበኤን ዕርክነትን ሓድሕዳዊ ፍቕርን ንደቁ ከመሓላልፍ ስለ ዘይኽእል እታ ክትዕቀብን ክትውረስን ዝግባኣ ዕርክነት ጸጸር ነበረያ ነበረ ኮይና ከይትተርፍ ዘየስግእ ኣይኮነን።

ለ) ካብዚ ዝጸንሐ ናይ ዴሳዊ ፍልስፍና ምምሕዳር ዝተበገሰ ይኹን፣ ኣብ ኣብያተ ክርስትያናትና እኹል ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርቲ ብዘይምክትታልና ኣብ ተዋህዶ ሃይማኖትና ዝነበረና ፍልጠትን እምነትን ስንኩፍ ብምኺኑ ናብ ደቅና ከነመሓላልፎ እንኽእል፣ ደቅና ዝዓግቡሉ ብቑዕ ናይ ዕርክነትን ፍቕርን መንፈሳዊ መልእኽቲ ኣይጸንሓናን።

ስለዚ ደቅና ብፍላይ ኣብ ስደት ንዘለዉ ከም ዓጽሚ ዓይኒ ኮይኑ ባህሊ ወለዶምን ሃገሮምን ካብ ምፍላጥ ጋሪድዎም ዘሎ፣ **ጽልዋ ባህሊ ከባቢኦም** ስለዝኾነ ኣብዚ ፈታኒ መድረኽ ንምዕዋት ነብሲ ወከፍ ወለዲ ጽጹይ መጽናዕትን ምክትታልን ክገብሩ ዘይሕለል ጻዕሪ የድሊ። መንእሰያትና ካብታ ብሰብን ኣምላኽን እትድለ ልባዊ ዕርክነትን ፍቕርን ርሒቕም ይርከቡ'ኳ እንተ ኣለዉ፣ ሓደ ካብቲ ንምእመናንን ምእመናትን ኣብያተ ክርስትያናትና ተሰፋ ዘግብረና ከምቲ **"ኣምላኽ ጸድፊ ይፈጥር'ሞ መደያይቦ የዳሉ"** ዝበሃል እታ ናይ ወለድና ናይ ጸጸር ዕርክነት ሃሲሳ ከይትተርፍ እተን ሓዋርያዊ ሰንሰለተን ከይበተኻ ብመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ዝምእከላ ኣብያተ ክርስትያናት ኣብ ትሕቲኤን ንዝርከቡ መንእሰያትና ዋላኳ ካብ "ማይ ባሕሪ ብጭልፋ" እንተኾነ ነቲ ከውረስ ዘለዎ ተደላዩ ዕርክነትን፣ ፍቕሪ ኣምላኽን ከምኡውን ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ እምነቶም ዓሚቕ ፍልጠት ኪህልዎም ብመንፈስ ኮስኮሰንን መልሚለንን የዕብዮኦም ስለ ዘለዋ እታ ጽንዕቲ እምነትን ዕርክነት ጸጸርን ናይ ወለድና፣ ወረስቲ መንእሰያት ብምርካባ "ተመስገን ኣምላኽ" ንብል።

ክቡራት ወለዲ፣ ፍቕሪ ንደቅናን ንተካእቲ ወለዶን ከነውርስ እንተድኣ ኮይና "ፍቕሪ" እንታይ ምኺና እስኪ ብምሉእ ልብና ብኣስተንትኖ ንኪታተልን ንፍለጣን ነስተማቕራን። እዛ ፍቕሪ እትብል ቃል እትገልጾ ንሓደ ብመንፈስ ቅዱስ እናተመርሐ ብምሉእ ልቡ ንዘፍቅር ሰብ'ዩ።

እምበኣር "ፍቕሪ ዓቃል ኢያ፣ፍቕሪ ለዋህ ኢያ፣ፍቕሪ ኣይትቕንእን ኢያ፣ ፍቕሪ ኣይትጃሃርን ኢያ፣ኣይትዕበንያ። ፍቕሪ ሰዲ ኣይኮነትን፣ንዓይ ይጥዓመኒ ብዚብል ኣይትምራሕን'ያ። ፍቕሪ ኣይትቕጣዕን፣ኣይትቕየምንያ። ፍቕሪ ብሓቂ ትሕጎስ እምበር፣ብዓመጽ ባህ ኣይብላንያ።ፍቕሪ ንኹሉ ትጸውር፣ንኹሉ ትኣምን፣ብኹሉ ድማ ተስፋ ትገብር፣ንኹሉ ትዕገስ።ፀቆሮ. 13፡1-7።

እምነት፣ተስፋ፣ፍቕሪ እዚኣተን ሰለስቲኤን ኣለዋ። ካብዚኣተን እትዓቢ ግን **ፍቕሪ** *ኢያ" ፀቆሮ. 13፡13። "ፍቕሪ ብዘይ ግብዝና (ካብ ልቢ) ትኹን። ንኽፍኣት ፈንፍንዋ፣ ንሰናይ ከኣ ሓዝዋ። ኣብ ንሓድሕድኩም ምዉቕ* **ፍቕሪ** *ኣሕዋት ይሃልኹም፣ ንሓድሕድኩም ክትከባበሩ ተቕዳደሙ" ሮማ. 12፡9-10 ንሓድሕድኩም* **ምፍቕር** *እንተ ዘይኮይኑ፣ ምስ ሓደ'ኳ ዕዳ ኣይሃልኹም። ምኽንያቱ እቲ ንብጻዩ* **ዜፍቅር** *ንሕጊ ፈጺምዎ ኢዩ። እቲ ኣይትዘሙ፣ ኣይትቕተል፣ ኣይትስረቕ፣ ብሓሶት ኣይትመስክር፣ ዘይገንዘብካ ኣይትመነ ዚብልን ካልእ ትእዛዛት'ውን ኩሉ በቲ "ንብጻይካ ከም ነብስኻ* **ኣፍቅር"** *ዝብል ትእዛዝ ክቱት (ዝተጠቓለለ) ኢዩ። ምኽንያቱ* **ፍቕሪ** *ንብጻያ ክፉእ ኣይትገብሮን ኢያ። እምበኣርሲ* **ፍቕሪ** *መፈጸምታ ሕጊ ኢያ። ሮማ.13፡8-10። ብቋንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ፣ግና* **ፍቕሪ** *እንተ ዘይህልወኒ፣ከም ዜድሂ ኣስራዚ ወይ ጭልጭል ከም ዚብል ጸናጽል ምኾንኩ። ውህበት ትንቢት እንተ ዘህልወኒ፣ኩሉ ምስጢራትን ኩሉ ፍልጠትን እንተ ዘፈልጥ፣እምባታት ክሳብ ዘግዕዝ ከኣ ኩሉ እምነት እንተ ዝህልወኒ፣ግና* **ፍቕሪ** *እንተ ዘይህልወኒ ከንቱ ምኾንኩ ነይረ። ኩሉ ገንዘይ ንድኻታት እንተ ዚዕድል፣ሰብነተይ ንምንዳድ ኣሕሊፈ እንተ ዝህብ፣ግና* **ፍቕሪ** *እንተ ዘይህልወኒ ሓንቲ'ኳ ኣይጠቕመንን ኢዩ። ብሓቂ ትሑታት፣ከምኡ'ውን ለዋሃት ኩኑ፣ንሓድሕድኩም* **ብፍቕሪ** *እናተጻዋወርኩም ከኣ ዕጉሳት ኩኑ። ኤፌ. 4፡2 ። ደጊም ከም ሕጻናት ብናይ ሰብ ምጥባርን ምፍሓስ ስሕተት ዝኸውን ተንኪልን ዚመጽእ ናይ ትምህርቲ ንፋስ ንየው ነጀው ኣይከንድፋእን፣ ኣይከንኩብኮብን ኢና። እኳ ድኣ* **ብፍቕሪ** *ሓቂ እናተዛረብና ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ። ኤፌ. 4፡14-15*

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ *ኢየሱስ ንኩሎም ኣመንቱ ክሳዕ ክንዲይ ከም ዘፍቅረና ናብ ኣቦኡ ምእንታና ዝገበረልና ጸሎት ንክታትል። "ከምቲ ኣነ ኣብኣቶም (ኣብ ኣመንቲ) ንስኻውን ኣባይ ዝኾንካ፣ ንሳቶም'ውን ብሓድነት ፍጹማት ምእንቲ ኪኾኑ፣ ከምኡ ድማ ንዓይ ከም ዝለኣኽካኒ፣ በቲ* **ዘፍቀርካኒ ፍቕሪ'ውን** *ንዓኣቶም ከም ዘፍቀርካዮም ዓለም ምእንቲ ክትፈልጥ ኢዩ። ኦ ኣቦ፡ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ስለ* **ዘፍቀርካኒ***፣ እዞም ዝሃብካኒ ከኣ ነቲ ዝሃብካኒ ክብሪ ምእንቲ ኪርእዩ፡ ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ፣ ንሳቶም'ውን ኣብኡ ኪህልዉ እደሊ ኣለኹ።*

ኦ ጻድቕ ኣቦ! ዓለም ኣይፈለጠትካን። ኣነ ግና ፈሊጠካ ኣለኹ። እዚኣቶም'ውን ንስኻ ከም ዝለኣኽካኒ ፈሊጦም ኣለዉ። እታ ንዓይ **ዘፍቀርካኒ ፍቕሪ** *ኣብኣቶም ምእንቲ ኪትህሉ፣ ኣነ'ውን ኣብኣቶም ምእንቲ ኽነብር፣ስምካ ኣፍሊጠዮም ኣለኹ፣ ከፍልጦም'ውን ኢየ። ዮሃ/ለ. 17፡23-26። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ንህይወቱ ስለ ዘሕለፈ፣ንፍቕሪ በዚ ኢና እንፈልጣ።1ዮሃ. 3፡14-16። ንሕና ነሕዋትና* ***ነፍቅሮም*** *ስለ ዝኾና፣ካብ ሞት ናብ ህይወት ከም ዝተሳገርና ንፈልጥ ኢና። እቲ* ***ዘየፍቅር*** *ግና ብደዉ ከሎ ከም ዝሞተ ኢዩ።ንሓዉ ዝጸልእ ዘበለ ኩሉ ቀታል ነብሲ ኢዩ። ቀታል ነብሲ ዝኾነ ኩሉ ድማ ናይ ዘልኣለም ህይወት ከም ዘይብሉ ትፈልጡ ኢኹም። "ኣብ ብርሃን ኣሎኹ"ዚብል ንሓዉ ከኣ ዝጸልእ፣ንና ኣብ ጸልማት ኢዩ ዘሎ።እቲ ንሓዉ* ***ዜፍቅር*** *ኣብ ብርሃን ኢዩ ዚነብር ኣብኡ'ውን መዐንቀፊ የብሉን፣እቲ ንሓዉ ዚጸልእ ግን ኣብ ጸልማት ኢዩ ዘሎ"1ዮሃ. 2፡9-11። ክቡራት ህዝበ ክርስትያን እምበኣር ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበሎ "ከምቲ ኣቦ* ***ዘፍቀረኒ*** *ኣነ'ውን* ***ኣፍቂረኩም*** *ኢየ፣ኣብ* **ፍቕረይ** *ንበሩ። ከምቲ ኣነ ትእዛዛት ኣቦ ሓሊየ ኣብ ፍቕሩ'ውን ጸኒዐ ዝነብር ዘለኹ፣ከምኡ ክኣ ንስኻትኩም ትእዛዘይ እንተ ሓሎኹም ኣብ* **ፍቕረይ** *ጸኒዕኩም ክትነብሩ ኢኹም።ሓጎሰይ ኣባኻትኩም ምእንቲ ኪነብር፣ ሓጎስኩም'ውን ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን እዚ ነገርኩኹም። ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ንስኻትኩም'ውን ንሓድሕድኩም* **ተፋቕሩ"** *(ዮሃ.15፡9-12) ስለ ዝበለና፣ እታ ኣብ ግዜና እናሃለለት ትኸይድ ዘላ ዕርክነት ጸጸር ናይ ወለድና፣መንፈሳዊ መልእኽቲ ዝሓዘለት ስለ ዝኾነት ነዚ ቅዱስ ውርሻ ናብ ደቅና እንተ ዘይኣውሪስና ያታዊ ሓላፍነትና ብምዝንጋዕና ብተተካኢ ትውልዲ ተወቀስቲ ኪይንኽውን፣ ግቡእና ብምፍጻም ካብ ሓላፍነትና ከነውርድ ይግባእ።*

ከምቲ ኣቦታት "ዘይቕንእ ኣይወለድ" ዝብልዎ ነብሲ ወከፍ ስድራ-ቤት ወደይ ወይ ጓለይ ከምዚ ክኾኑለይ ኢየ ዝምነ ብማለት ንሓደ ጽቡቕ ነገር መንፈሳዊ ቅንኢን ትምኒትን ክህልዎም ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ፣ ኪንዮው ትምኒትን መንፈሳዊ ቅንእን ንትግባረ "ድሌት" ክህልወና ኣለዎ። ምኽንያቱ ክቱር "ድሌት" ናብ ትግባረ ዘሳጋግር ዘቃጽል ስምዒት'ዩ። "ድሌት እንተ'ሎ ከኣ መንገዲ ኣሎ" ልዑል ኣምላኽ ንናይ ነብሲ-ወከፍ ስድራ-ቤት ጽቡቕ ትምኒትን መንፈሳዊ ቅንእን ንምትግባር ምትሕብባሩን ጸጋኡን ኣይፈለየና። ኣሜን!!!

መንፈሳዊ መግቢ

ከም ንህቢ ኣብ ዕምባባዶ፥ ኣብ ጎድፍ ከም ሃመማ!

ብቀሲስ ሓለፎም ዓንደማርያም

በዚ ተጠቂሱ ዘሎ ኣርእስቲ ክጽሕፍ ዝገደደኒ ቀንዲ ምኽንያት፥ ነቲ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ጋዜጣ ፍኖተ ብርሃን ዘንበብክዎ ኣገዳሲ መልእኽቲ ብምዝካር ኣብ ሕልናይ ስለ ዝተመላለሰ ኢዩ። ዝኾነ ሰብ ነዚ ኣርእስቲ ከንብቦ ከሎ ኃይለ-ቓል ዘለዎ እኳ እንተ መሰለ፥ ትሕዝቶ መልእኽቱ ግና፥ ከም ክርስቶስ ኣብ ብርሃንዶ፥ ከም ሰይጣን ኣብ ጸልማት፥ ከም ኣባጊዕ ብመገዲ የማንዶ፥ ከም ኣጣል ብመገዲ ጸጋም፥ ከምተን 5ተ ለባማት ደናግልዶ፥ ከምተን 5ተ ዓያሹ ደናግል ብማለት ንኽልተ ነገራት እናእወዳደረ ብኽመይን ኣበይን ንነብር ከም ዘሎና ኣብሪሁ መንፈሳዊ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ዝተመርጸ ምኗኑ ከዘኻኽር ይፈቱ። ኩልና ከም ንፈልጦ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝመረጸ ቦታ ክህሉን ክነብርን እግዚኣብሔር ነጻ ምርጫ ሂቡና ከም ዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ይኹን እምበር እቲ ብነጻ ምርጫና እንውስኖ ጉዳይ ኣብ መወዳእታኡ ክብረት ይኹን ውርደት፥ ሕይወት ይኹን ሞት ከምጽኣልና ከም ዝኽእል ክንፈልጥ ድማ ኣገዳሲ ይኸውን። ምኽንያቱ "ኣይትጠበሩ ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ፥ ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ኢዩ ዝዓጽድ" ዝብል ሓዋርያዊ ሕድሪ ስለ ዘሎ፥ ንሕናውን ነዚ ምርኩስ ጌርና ኣብ ቅዱስ ምድራዊ ቦታን ቅኑዕ ጎደናን ጸኒዕና ንኽንመላለስ ገለ ሓጋዚ ሓሳባት ንምቕራብ ተባሂሉ ዝተጠቕሰ ኢዩ። ገላ 6፡7።

ኣቦና ዳዊት ብዛዕባ ኣገዳስነት ንነብረሉ ቦታ ክገልጸልና ከሎ "ካብ ሺሕ መዓልቲ ኣብ ካልእ፥ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ቤት መቕደስካ ምውዓል ይሓይሽ፥ ስለዚ ኣብ ኣባይቲ ኃጥኣን ካብ ምንባርሲ ኣብ ቤት ኣምላኽይ ሓላው ደገ ምኗን ይሕሸኒ" እናበለ ብንጹር ቃላት ገሊጹልና ንረኽቦ። መዝ 84፡10። ስለዚ ኩሉ ወዲ ሰብ ብኽቡር መልክዕን ምስልን እግዚኣብሔር ዝተፈጥረ ብምኗኑ፥ እቲ ዘሎናዮ ቦታን ዘሎና መንፈሳዊ ሕይወትን ንኣምላኽ ልዕሊ ኩሉ ዘድልዮን ዘገድሶን ምኗኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ከመይሲ እቲ ንነብረሉ ስፍራ ስም እግዚኣብሔር ንምኽባር ይኹን ወይ ድማ ዕዮ እግዚኣብሔር ንምብኳር ዓቢይ ኣገዳስነት ስለ ዘለዎ። ካብዚ ኣርእስትና ከነስተውዕሎ ዝግባእ ነገር ድማ፥ ንህቢ እቲ ዝደቕቕን ዝደኽመን ፍጥረት እኳ እንተ ኾነ ብስሙር ፍቕሩን ጥዑም መዓሩን ወትሩ ብኣብነት ዝጥቀስ ክቡር ፍጥረት ምኗኑ ንኩልና ብሩህ ኢዩ። ኣብ ምስላ ሃገርናውን ዝተፋቕሩ ኣናህብ መዓር ይበልዑ እናተባህለ ይዝረብ ኢዩ። እሞኽ ደኣ ናይ ነፍሲ ወከፍ ምድራዊ መነባብሮ ሕይወትና ከም ንህቢ ኣብ ዕምባባዶ ወይስ ኣብ ጎድፍ ከም ሃመማ ኮንና ንነብር ኣሎና?

ብተወሳኺውን ኩሉ ወዲ ኣዳም ከም ንህቢ ኣብቲ ንምርኣዩ ዘብህግ ጥዑም ሽታን ግሩም መኣዛን ዘለዎ ዕንባባታት ክህሉ ካብ መጠን ንላዕሊ ባህ ዘብል ሠናይ ነገር ኢዩ። ብኣንጻሩ ድማ ከም ሃመማ ኣብ ሕሱር ቦታን ጎድፍ ዝኾነ ስፍራን ምቕመጥ ብጣዕሚ ዘፈንፍን ምኗኑ ኩልና ንሰማምዓሉ ሓቂ ኢዩ። ኣብ መጀመርታ ፍጥረትውን ልዑል እግዚኣብሔር "ኦ ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ ?" ኢሉ ጸዊው ዝሓትዎ ኣዳም ኣበይ ከም ዝነበረ ጠፊእዎ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣቦና ኣዳም፥ ካብ ክቡር ስፍራ ገነት ናብ ሕሱር ስፍራ ኃጢኣት ስለ ዝወደቐ፥ ነቲ ዝገበሮ በደል ንምዝኻኻር ኢሉ ኢዩ ጸዊዕዎ። ኣብዚ እቲ ዘገርም ነገር ኣቦና ኣዳም ምስ እግዚኣብሔር እናተዘራረበ፥ ብኽብርን ምሉእ ሰላምን ኣብ ገነት ካብ ምንባር፥ ብጌጋ ምርጭኡ ኣብ ዘይተመደበሉ ምድሪ ጭንቀትን ሞትን ኣብ ባርነት ዲያብሎስ ምንባር ከም ዝጀመረ መጽሓፍ ቅዱስ የዘንትወልና። ስለዚ ንሕናውን ሎሚ ኣብ ሕይወት ኣሎና እናበልና ምርጫና ሞት ከይከውን፥ ናብ ቅዱስ ስፍራ እንዳተመነና ድማ ኣብ ሕሱር ቦታ ንመላለስ ከይንህሉ ገዛእ ርእሰናን መገድናን ክንምርምር ይግባእ።

ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ

ካህን ኣትናቴዎስ ምስ ድምጺ ኣመሪካ ....

በተወሳኺ ብዛዕባ ውልታዊ ውሳኔኦም ኪገልጹ ከሎዉ ኸኣ "ከም ናይ ታሪኽ ተመራማሪ መጠን እምነት ኣቦታቶም ብዕምቆት ከጽንዕዎ ከምዝተደረኹን፡ ቅድሚ ክህነት ምቕባሎም፡ ካብ ናይ ግብጺ ገዳም ቅዱስ ኣትናቴዎስ (ኮርፐስ ክርስቲ ተክሳስ) ብቲኦሎጂ ቀዳማይ ድግሪ ከምዝተቐበሉ ድሕሪ ምግላጽ ዓጊበሉን እንዳተሓጎስኩ ዝበጽሕክዎ ውሳነ'ዩ ኪብሉ ገሊጾም።" ብዛዕባ ኃይማኖታዊ ነጻነት ኣብ ኤርትራ ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበሎም ሕቶ ካህን ኣትናቴዎስ "ናይ ኃይማኖት መሰል፡ ከም ምስትንፋስ ንጹህ ኣየር፡ መባእታውን መሰረታውን መሰል ወዲሰብ ምኗኑን፡ ከፍቅደልካ ወይ ኪኽልኣካ ብመሰረቱ ስራሕ ሓደ መንግስቲ ዘይምኗኑ፡ ድሕሪ ምግላጽ እቲ ኣብ ትግባረ ዘይበቐዐ ቅዋም ሃገረ ኤርትራውን ነዚ መሰልዚ ብግልጺ ኣስፊርዎ ይርከብ ኢሎም።" ካብ መፋርቕ 2005 ዓመት ፈረንጂ ጀሚራ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምምሕዳራውን መንፈሳውን ነጻነታ ተጋሂሱ ብሓደ ጭዋ ሰብ (ኣቶ ይፍታህ ዲሞጥሮስ) ትምሓደር ከምዘላን፡ ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ካብ ኣሓት ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስትያናትን፡ ዓለም ለኻዊ ማሕበር ኣብያት ክርስትያናት (World Church Council) ተነጺላ ኣብ ኣዝዩ ኣሻቓሊ ኩነታት ከም እትርከብ ገሊጾም።

A Mother's Prayer

King Solomon instruct parents,
Giving them a concise warrant:
Train a child in the way he should go
When he grows he shall not depart from it. (Proverbs 22:6)

But I raised my son with much pamper,
And poured on him lavish care;
I waste the years, meant for training,
So now I relay, in God's helping.
The years the locust have ate
The Lord restores. (Joel 2:25)

Oh Lord...
You who heard the cry, of St. Monica
And accepted the plea, of Queen Helena
Monica prayed with tears, for St. Augustine
Helena prayed fervently, for St. Constantine.

The angel told Monica, the Lord does not relinquish,
"The child of this tears shall not perish!"

By the sign of the cross, Constantine became king
Even more, he accepted into his heart
Christ his King.

Oh Savior...
Who raised the widow's son,
Raise the ailing soul, of my son.
Let him not be carried to his grave,
Let not his soul deprave.

Oh Christ...
Whom under your cross, your Mother cried
In your bosom, I long to find
My son, who's lost, until the time
You save his soul, in a short while.

Source: Internet

By Disciples of Antonious'

Always Remember

Remember your weakness, then you will be more cautious and you will not submit to the thoughts of pride and false glory which may attack you.

Remember the loving kindness of the Lord bestowed on you, and you will always lead a life of thanksgiving. Faith will grow in your heart as well as the trust in God's love and work. Your past experiences with God would encourage you in the life of faith.

Remember people's love and their good past with you. Should you doubt their sincerity or find out they have done something wrong to you, their old love will make intercession for them and your anger will fade away.

Remember death, so all worldly temptations will disappear and you feel that, "all is vanity and grasping for the wind." (Eccl. 1:14).

Remember that you are standing before God and He is looking at you, then you cannot sin because you see Him.

Remember God's promises, and you will be comforted in all your troubles. But, if you forget them, say with David the Prophet, "Remember your word to your servant, upon which you have caused me to hope. This is my comfort in my affliction. For Your word has given me life." (Ps. 119:49-50).

Remember the Blood of Jesus which was shed for your sake and you will definitely know the value of your life; it becomes dear in your eyes, so you will not waste it with prodigal living, "for you were bought at a price." (1 Cor. 6:20).

Remember the vows you made to God at the Baptistery, which your parents undertook, on your behalf: to renounce the devil, all his evil deeds, all his thoughts and wiles, all his forces and power.

Remember always that you are a stranger on the earth and that you will return to your heavenly home: then you will not put all your hopes in this world and its comforts.

Remember that the narrow gate leads to the kingdom of heaven. If you see the wide gate open before you, escape and keep away from it, as all those who went in by it, they all perished.

Remember your eternity and work for it at all times.

Remember that you are a child of God, and ought to have His image. You walk as fits the Children of God, for they are apparent.

Remember that you are the temple of the Holy Spirit, and do not grieve the Holy Spirit of God in you. Be always a holy temple.

Remember all that I said to you on this page and if you have already forgotten, please read it over again.

SOURCE: H.H.Pope Shenouda III.

The Son of God has become Son of Man in order to make us … sons of God, raising our race by grace to what He is Himself by nature, granting us birth from above through the grace of the Holy Spirit and leading us straightway to the kingdom of heaven, or rather, granting us this kingdom within us (Luke 17:21), in order that we should not merely be fed by the hope of entering it, but entering into full possession thereof should cry: our 'life is hid with Christ in God.' (Col. 3:3)."

St. Simon the Theologian

ማኅበር መንእሰይ ፍኖተ ብርሃን ኣብ 1966 ዓ.ም (1974)

ኣብዚ ተጠቂሱ ዘሎ እዋን እቲ ቅድም ዝነበረ ዘውዳዊ ሥርዓት ተገምጢሉ፡ ወተሃደራዊ ደርጊ ኣብ ሥልጣን ዝመጸሉ ጊዜ እዩ። እዚ ዝተባህለ ጊዜ ብሹሉ ሽነኻቱ ክርአ ከሎ፡ ማኅበራዊ ሕይወት ሕዝብና ኣብ ሓደጋ ዝወደቐሉ'ዩ ኢልካ ክግለጽ ይከኣል። ካብኡ ናብኡ ድማ እቲ ሥርዓት ማርክሰ-ሌኒናዊ ሥነ-ሓሳብ ዝኽተል ከም ምንባሩ መጠን፡ ኣንጻር ሃይማኖትን ሃይማኖታዊ ትካላትን ብዝነበሮ ተሪር መርገጺ፡ ብዙሕ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣኽቲሉ እዩ።

ብዝተፈልየ ኣብቲ ሽዑኡ ዝነበረ እዋን፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዝኾነ መንእሰይ ኣብቲ ዝግበር ዝነበረ መንፈሳዊ ንጥፈታት ይሳተፍ ስለዝነበረ፡ እቲ ህልውና እግዚኣብሔር ዘይኣምን ኣረሜናዊ ሥርዓት፡ ነዚ ኹሉ'ዚ ክጸወሮ ኣይከኣሎን። ስለ ዝኾነ'ውን ነቲ ዝግበር ዝነበረ ስብከተ-ወንጌል ንምድኻም ካብ ዝነበሮ ስዉር ተንኮል፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ እንዳ-ማርያም ዝርከብ ዝነበረ ዓብይ ኣዳራሽ ማኅበር ንናይ ፖለቲካ ፕሮፓጋንዳ መጋበርያ ከውዕልዎ ኃያል ጸቕጢ ተገብረ።

ብ ተ ወ ሳ ኺ ው ን ንተሳትፎ እቲ መንእሰይ ወለዶ ንምዕጋት፡ ስብከተ ወንጌል ኣብ ዝካየደሉ እዋናት ካድረታት ብብዝሒ ከምዝሳተፉ ብምግባር፡ ወረቐት መንነት እናሓተቱ ነቲ መንእሰይ ከም ዝሸቐረር ገበርዎ። እቲ ጉባኤ ግን መመሊሱ ደኣ ወሰኽ እምበር፡ ክጎድል ኣይተራእየን። መወዳእትኡ ድማ ኣካየድቲ ማኅበር በብጊዜኡ እናተጸውዑ ጸቕጢ ክግበረሎም ልሙድ ተርእዮ ኮነ። እቲ ፈተና ንሕይወት ዝፈታተን ከቢድ እኳ እንተ ነበረ፡ ኣካየድቲ ማኅበር ግን ዕላማ ማኅበር መንፈሳዊ ምኺኑ ከረድኡ ጸዕሮም ቀጸሉ። ግዳስ እቲ ንስብከተ-ወንጌል ዝእከብ ዝነበረ መንእሰይ፡ ክግመት ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ብዝሒ ስለ ዝነበሮ፡ እቶም መኮንናት ሓለፍቲ እቲ ብኣካየድቲ ማኅበር ዝንገሮም ዝነበረ ኩሉ ኣሚኖም ክቕበልዎ ይኽእሉ ኣይነበሩን። በዚ ድማ እቲ ማኅበር ኣብ ትሕቲ ጥቡቕ ሓለዋ ኮይኑ ክንቀሳቐስ ዘይተርፈሉ ዕዳ ኮነ።

ብሓፈሻ እቲ ኮነታት ኣብ ትሕቲ ከቢድ ጸቕጢ እናሃለወ ከሎ ድማ፡ ኣብ ከባቢ ኣሥመራ ውግእ ይካየድ ስለዝነበረ፡ ብዙሓት ብወገን ሰሜን ኣሥመራ ዝነበራ ዓድታት ብሓዊ ነዲደን፡ እቶም ደቂ ዓዲውን ብዘይ መጸግዕን መጽለልን ክተርፉ ኣደራዕ ወደቕም። ብጠቕላላ እቲ ኮነታት ንተቕመጥቲ ከተማ ኣሥመራ'ውን ስለ ዘረኻኸበሎም፡ ብዙሕ ሕዝቢ ካብ ቤቱን ንብረቱን ክፈናቐል ግድነት ኮነ። እቲ ኮነታት ካብ ምቁጽጻር ወጻኢ ዝኸደ ስለ ዝነበረ'ውን፡ ዝሞተ ብዙሕ ቀባሪ ዝሰኣነ'ውን ብዙሕ'ዩ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ መሬት ክንዲ ኣፍ ዑንቂ ጸቢባ ኣብ ዝነበረትሉ ጊዜ፡ ኣብያተ ክርስቲያናት ካቶሊኽ ንዝኾነ ሰብ እምነቱን መንነቱን ብዘየገድስ፡ ማዕጽኦን ከፊተን ንኹሉ ብማዕረ ዑቕባን መጸግዕን ክኾና ስለ ዝኽእላ፡ ንታሪኽ ዝተርፍ ዓቢይ ክርስቲያናዊ ተግባር ክፍጽማ ምኽእላን እናተዘከረ ዝነበር ሠናይ ተግባር እዩ። ብወገን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያንና ግን ዝተወስደ ተበግሶ ኣይነበረን። እዚ ከኣ ቤተ ክርስቲያንና ትውቀሰሉ ምኽንያት ኮይኑ ምርካቡ ዘገርም ኣይነበረን። ኣብ ከምቲ ዝኣመሰለ ቀውጢ ዝኾነ ሰዓት፡ ማዕጾኣ ከፊታን ኢዳ ዘርጊሓን ሕዝቢ ክትቅበል ዘይምኽኣላ፡ እንሆ ናይ ታሪኽ በሰላ ኮይኑ ከጉህየና ይርከብ ኣሎ።

እቲ ጸገም ግን እቲ ንደምበ ተዋህዶና ወኪሉ ክዋሳእ ዝነበሮ መንበረ-ጵጵስና፡ ንኽንድቲ ዝኣክል ሓላፍነት ክስከም ብቕዓት ስለዘይነበሮ፡ ካብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ወጻኢ እንታይ ይግበር ምንባሩውን፡ ይፈልጥ ነይሩ ኢልካ ክትዛረብ ኣጸጋሚ ኢዩ። እቲ ዘሕዝን ድማ እቲ ሽዕኡ ዝነበረ ድኽመት ሕጂ እቲ "መንበር" ብደረጃ ፓትርያርክ ዓብዩ እናሃለወውን፡ ንሓላፍነት ዘብቅዕ ሞያ ዝውንን ኮይኑ ዘይምርካቡ እዩ። ብዝኾነ እቲ ሕያው ኣምላኽ ባዕሉ የዐርዮ ክበሃል እንተ ዘይኮይኑ፡ ካብ ምዝራብ ዘይምዝራብ'ዩ ዝምረጽ።

ብዝተረፈ እቲ ዝተባህለ ቶኽስን ዘይምርግጋእን፡ ንግዚኡ'ኳ ዝግ ዝበለ መሲሉ እንተ ተራእየ፡ መሊሱ ክመጽእ ይኽእል'ዩ ዝብል ፍርህን ምሽቕራርን ኣብቲ ሕዝቢ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያንና ዝተሓመየትሉን ዝተወቕሰትሉን ጌጋ፡ ካልኣይ ግዜ ንኽይድገም እንታይ'ዩ ክግበር ዘለዎ? ዝብል ሕቶ ብምልዓል፡ ኣካየድቲ ማኅበር መንእሰይ ፍኖተ ብርሃን ክዝትዩ፡ ታሪኽ ዘሰከሞም ሓላፍነት ጌሮም ወሰድዎ። ስለ ዝኾነ'ውን እቲ ጉዳይ ብመንበረ-ጵጵስና'ዩ ክምእከል ዘለዎ ተባሂሉ ስለ ዝተኣምነ፡ ናይ መሪሕነት ቦታ ክሕዙ ሕቶ ከም ዝቐርበሎም ተገይሩ እዩ። እንተ ኾነ "ሓሚምካ እንተ ኽድካዮም፡ ሞይቶም ይጸንሑኻ" ከም ዝበሃል፡ ብመሠረቱ እቲ መንበረ-ጵጵስና እንኳንዶ ሓላፍነት ክስከም፡ እቲ ዝቐረበሉ ሕቶ እንታይ ምኺኑ'ውን ተረዲእዎ ንምባል ዝከኣል ኣይነበረን።

እቲ ኮነታት ተስፋ ዘቐርጽን ትዕግሥቲ ዘወድእን እኳ እንተ ነበረ፡ ኣካየድቲ ማኅበር መንእሰይ ፍኖተ-ብርሃን ግን ጸዕሮም ብምቕጻል፡ ምስ ሓለፍቲ ርእሰ-ኣድባራት ደብረ ጽዮን ቤተ-ክርስቲያን ቅድስት-ማርያም ኣሥመራ፡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ክዘራረቡ ፈተነ ከምዝገበሩ ይፍለጥ። ከመይሲ እንዳ-ማርያም ገንዘብ ዝነበሮ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ርእሲ ምኺኑ፡ ሕዝቢ ከዕቁብ ዝኽእል ሰፊሕ ደንበ ዝውንን'ውን እዩ። ግዳስ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ እቶም ላዕለዋይ ጽላልን ኣማሓዳርን ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ዝነበሩ፡ ክቡር ደጀዝማች ሓረጎት ኣባይ ኣብቲ ሽዕኡ እዋን ብደርጊ ስለ ዝተታሕዙ፡ ንዕኦም ተኪኡ መልሲ ክህብ ወይ ክውስን ዝኽእል ኣካል ስለዘይነበረ፡ እቲ ዝተገብረ ፈተነ ክዕወት ኣይከኣለን።

ኣካየድቲ ማኅበር ፍኖተ ብርሃን ግን፡ እቲ ሕዝቢ መጸግዒ ክረክብ ቤተ ክርስቲያንና'ውን ካብ ወቐሳ ክትድሕን ዝብል ኒሕ ስለዝሓዘም፡ ኣብቲ ሰማያት ሃገርና ናይ መዓት ደመና ተጸዊኑ ዝነበረሉ ሰዓት፡ ካልእ ኣማራጺ ክረኽቡ ላዕልን ታሕትን ምባሎም ቀጸሉ። ስለ ዝኾነ'ውን ኣቐዲሙ ብዝነበሮም ምፍላጥ፡ ምስ ክልተ ካቶሊካውያን መነኮሳት ማለት ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላን ኣባ ፍስሓጽዮን ወልደጋብርን ርክብ ክግበር ተኻኢሉ። ሓሳባት ኣካየድቲ ማኅበር'ውን ብዝርዝር ተነጊርዎም።

እዚ ማለት ድማ ብምልኡ ደምበ እንዳ-ማርያም፡ ንሕዝቢ ክፉት ከምዝኸውን ተገይሩ፡ መጸግዕን መዕቆብን ኮይኑ ንኽርከብ፡ እንታይ ከመይን ምቅርራብ ክግበር ከምዘድሊ፡ ንዕኡ ንምትግባር ዘድሊ ናይ ገንዘብ ወጻኢ'ውን ካበይን ብኸመይን ክርከብ ከምዝከኣል፡ ካብ ዝነበሮም ተመክሮ'ዩ ምኽርን ሓሳብን ክህቡ እቲ ሕቶ ቀሪቡሎም። እዞም ሕጂ ብሕይወት ዘየለዉ ክልተ ክቡራን ኣቦታት፡ ነቶም ኣካየድቲ ማኅበር ብፍቕሪ ተቐቢሎም ብኽፉት ልቢ'ዮም ሰሚዖሞም። ነቲ ተበግሶ ብምንኣድ ድማ ነቲ ሓሳብ ግብራዊ ንምግባር፡ ምሉእ ምትሕብባር ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾሙሎም።

ብቐጻሊ ኣብ ዝተገብረ ምኽርን ምይይጥን ድማ፡ እቶም ክልተ ኣቦታት ብዝገብርዎ ጸዕርን ድኻምን፡ እቲ ሓሳብ ኣብ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ክበጽሕ ክኢሉ። ስለዚ'ውን ደንበ እንዳ-ማርያም 10,000 ሰብ ከምዘዕቁብ ጌርካ ንምድላው፡ ንኽንድኡ ዝኣክል ሕዝቢ ቀረብ መግቢ፡ ከምኡ'ውን ናይ ህጹጽ ረድኤት ሕክምና፡ ብተወሳኺ'ውን ኮቦርታታትን ፍቶታት መዕረቕ ማይን፡ መቕሎን ድስትታትን፡ ጊዜያዊ ዓይኒ ምድሪ'ውን ከምኡ ንኽዳሎ ከም መደብ ተታሒዙ። ነዚ ኹሉ ዝግበር ወጻኢታት ዝሕግዙ ገበርቲ ሠናይ ድማ፡ ብመገዲ ኣባ ኣጎስቲኖን ኣባ ፍስሓጽዮንን ክርከቡ ምኽኣሎም ከኣ ዓቢይ እፎይታ'ዩ ነይሩ።

ይኹን እምበር እቲ ሕያዋይ ኣምላኽ ነቲ ከይመጽእ ዝተፈርሀ መዓት ናብ ምሕረት ስለ ዝለወጦ፡ ነቲ ሕዝቢ ካልኣይ ጊዜ ካብ ቤቱ ዘውጽኦን ካብ መነባብሮኡ ዘዘናብሎን ኮነታት ኣይተፈጥረን። ስለዚ'ውን እቲ ድሮ ናብ ማኅበር ፍኖተ ብርሃን ተረኪቡ ዝነበረ ረድኤት፡ ይግብኦም'ዩ ተባሂሉ ንዝተኣምነሎም ንዝተመዛበሉ ስድራታት ከምዝዕደል ተገይሩ። ሳላ'ቶም ክልተ ክቡራት ኣቦታት ዝገበርዎ ጸዕሪ ድማ፡ ንታሪኽ ዝተርፍ ዕዉት ሠናይ ግብሪ ክፍጸም ተኻኢሉ።

ብኣጠቓላሊ ክርአ ከሎ፡ 1966 ዓ.ም (1974) ኣብ ታሪኽ ማኅበር መንእሰይ ፍኖተ-ብርሃን፡ ጽቡቕ ዝኽሪ ገዲፉ ዝሓለፈት ዓመት ኣይነበረትን። ብመጀመርታ እቶም ናይቲ ማኅበር ኣቦን ጽላልን ዝነበሩ ክቡር ደጃዝማች ሓረጎት ኣባይ፡ ብኢድ እቲ ኣረሜናዊ ዝኾነ ናይ ደርጊ ሥርዓት ዝተታሕዝሉ ዓመት እዩ። ካብዚ ብምቕጻል ድማ ዋና ጸሓፊ ዝነበረ ኣርኣያ በላይን ናይ ገንዘብ ሓላፊ ዝነበረ ኣማሃጽዮን ተኽስተን፡ በቲ ናይ ሽዕኡ ውሕጅ ተገፊዖም መገዲ ሰማይ ክኸዱ ግድነት ኮይኑዎም። መወዳእትኡ ድማ ፕረዚደንት ማኅበር ዝነበረ ተኽለማርያም ምርካጽዮን፡ ብማእሰርቲ ንኣዲስ ኣበባ ከምዝኸይድ ኮይኑ። እዚ ኹሉ'ዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ 6ተ ወርሒ ዘይመልእ ግዜ'ዩ ክፍጸም ክኢሉ።

መግለጺ ስዕሊ፡-

መሪሕነት ማሕበር መንእሰይ ፍኖተ ብርሃን፡ ካብ ናይ ክብሪ ፕረዚደንት ክቡር ደጃዝማች ሓረጎት ኣባይ ኣባታዊ ምኽሪ ክቕበሉ ከለዉ። ካብ ጸጋም ንየማን፡ ተኽለማርያም ምርካጽዮን፡ ነፍስ-ሔር ገብረኣምላኽ ጸጋዘኣብ፡ ረዘነ-ተስፋጽዮን፡ ነፍስ-ሔር ኣብርሃም ወልደገብርኤል፡ ወ/ት ጅሮም ስብሃቱ፡ ነፍስ-ሔር ኣምሃጽዮን ተኽስተ፡ ነፍስ-ሔር ኣርኣያ በላይ፡ ነፍስ-ሔር ክቡር ደጃዝማች ሓረጎት ኣባይ።

ነቲ ዘድሕን ኣምላኽ ኣመስግንዎ!

ኣምላኽ ያዕቆብ
ዝረድኤቱ ተስፋኡ
ኾኣ ኣብ
እግዚኣብሔር ኣምላኽ
ዝገበረ ሰብ ብፁዕ
እዩ። ንሱ ንሰማይን
ምድርን ንባሕርን
ኣብኡ ንዘሎ ኹሉን
ዝገበረ እዩ። ንሱ ነቲ
ዝሃበ ተስፋ ኹሉ ጊዜ
ይፍጽሞ፥
እግዚኣብሔር
ንጥቑዓት ፍትሒ
የውጽኣሎም፥
እግዚኣብሔር
ንጥሙያት እንጌራ
ይህቦም፥
እግዚኣብሔር
ንእሱራት ይፈትሖም፥
እግዚኣብሔር
ንዕዉራት ከም ዚርእዩ
ይገበሮም፥
እግዚኣብሔር
ንዝወደቑ የልዕሎም፥
እግዚኣብሔር
ንጻድቃን የፍቅሮም፥
እግዚኣብሔር
ንስደተኛታት
የዕቑቦም፥
እግዚኣብሔር
ንዘኽታምን መበለትን
ይኣልዮም፥
እግዚኣብሔር
ንኽፉኣት ሰባት ግና
የጥፍኦም፥
እግዚኣብሔር
ንዘለዓለም ንጉሥ
እዩ፥
ኦ ጽዮን ኣምላኽኪ
ንውሉድ ወለዶ ንጉሥ
እዩ። ንእግዚኣብሔር
ኣመስግንዎ!!

መዝሙር ዳዊት
146፡5-10።

Editorial

A Christian Never Abandons Hope

In this world of suffering, you will often meet what may seem interminable aches and pain. Your path may seem so dark and you are not able to move ahead an inch. Those in whom you have placed trust may betray you. Those you have loved may turn against you. What you may have worked so hard for and with great anticipation may just yield no fruit. Even your own flesh and blood may disappoint you. You may feel persecuted and misunderstood and the best of your intentions questioned by others. You may feel so isolated and bitter. Every which way you turn you may be assailed by trouble and buffeted by life's vicissitudes. Nothing that is coming your way may seem fair. But never abandon hope, for those who trust in God are nothing if they are not hopeful.

All the things that push you to desperation today are only for a time. Just as surely as the sun sets in the west this evening and rises again tomorrow in the east all your sufferings and troubles of today are but for a day. This is one of the central teachings of the Holy Scriptures. The prophet Habakuk has declared: "Though the fig tree does not bud and there are no grapes in the vines; though the olive crop fails and the field produces no food; though there are no sheep in the pen and no cattle in the stables, yet I will rejoice in the Lord. I will be joyful in God my Savior" Habakuk 3:17-18.

Think of the sufferings of our father Job. Can you think of anything that has befallen you as anywhere comparable to his suffering? He lost all his children in one day in a tragic death. Though he had been rich in every conceivable way, he lost all his wealth instantaneously. He was reduced to a pauper. The Bible describes his loss of health, the diseased condition of his body – the sores, the wounds and the pain – vividly. His own wife found his condition so grotesque as to challenge him to deny God and die. The few remaining friends he had surrounded him not to comfort him but to add more salt to his suffering body and spirit. And yet, Job's response to all this is HOPE. His most memorable and most amplified answer to his suffering was the statement: "Though He slays me, yet will I hope in Him" (Job 13:15).

King David also knew this secret of the believer. As he surveyed the history of Israel, he could only conclude that Israel's triumph was not to be attributed to her own strength. He said, "In you our fathers put their trust; they trusted and you delivered them."

St. Paul encapsulates the idea of suffering and the hope of the believer in so many of his writings. As he does so, he thinks of all that he had gone through as a follower of Christ. Addressing the church in Rome, he gives us his insight into how the believer should hold on to hope in God. How does he do that? By simply stating that "we know all things work for the good of those who love Him, who have been called according to His purpose." He then asks a pointed question of the believers collectively and provides the answer: "What, then, shall we say in response to this?" The answer he gives us is nothing less that profound: **"If God is with us who can be against us?"** The answer is not mere wonderment, but the most essential truth which Christians hold.

In his familiar prose the Apostle to the Gentiles reaffirms the truth he had discovered and which all Christians have experienced with his bold proclamation: "Who shall separate us from the love of Christ? Shall trouble or hardship or persecution of famine or nakedness or danger or sword... No, in all these things we are more than conquerors through Him who loved us. For I am convinced that neither death nor life, neither angels nor demons, neither the present nor the future, nor any powers, neither height nor depth, nor anything else in all creation will be able to separate us from the love of God that is in Christ Jesus our Lord" (Romans 8:28-39).

These are truly days of great trials and suffering for our people. As all the servants of God have discovered through all past generations that their salvation comes only from God, we also must look to Him. Humans, even at their best, will sooner or later, disappoint us. But we must look to God and proclaim with the psalmist that "Our hope comes from Him and Him alone."

Interesting Holy Bible Facts "First" Questions and Answers. "First" Questions:

1. What is the first promise God made to man?
2. When did God first give man permission to eat meat? On what condition?
3. Who is the first person mentioned in the Holy Bible to have been taken captive?
4. Who is the first person mentioned by the Holy Bible as being successful? What was the cause of the success?
5. Who was to have the first vision of angels?
6. Who is the first angel mentioned in the Holy Bible?
7. Who was the first person to have dreams come to pass?
8. To whom was given the first revelation of God?
9. Who is the first person in the Holy Bible that did well to those who offended him?
10. When was laughter first mentioned in the Holy Bible?

"First" Answers:

1. The first promise God made to man was that the offspring of the woman would bruise the head of the serpent (Genesis 3:15).
2. The first time God gave man permission to eat meat was after Noah's ark rested. The condition was that man would not eat meat with its blood (Genesis 9:3-4).
3. The first person in the Holy Bible to have been taken captive was Lot when Sodom was taken (Genesis 14:12-14).
4. The first person the Holy Bible says was successful is Joseph the Righteous and the reason is that God was with him (Genesis 39:2).
5. The first angelic revelation was when the angel of the Lord appeared to Hagar (Genesis 16:7).
6. The first angel mentioned in the Holy Bible was one of the cherubim and his job was to guard the tree of life (Genesis 3:24).
7. The first person to have dreams that came true was Joseph the Righteous (Genesis 37).
8. The first revelation of God was when God appeared to Adam (Genesis 3) and the second was when He appeared to Abram (Genesis 15).
9. The first person to do good to those who offended him was Joseph the Righteous who did well to his brothers (Genesis 45).
10. The first time laughter was mentioned in the Holy Bible was when Sarah laughed in her heart when she heard that she would get a son in her old age (Genesis 18:12).

(Excerpts from "Quizzes on the Holy Bible" written by His Holiness Pope Shenouda III)

The price of each News Letter is $1.00 plus shipping cost. To receive each edition contact us at the address given below. Write your checks to the "Eritrean Orthodox Tewahdo Diocese of North America".

Fenote-Berhan asks for your prayer, material and financial support!

ፍኖተ ብርሃን ብጸሎት፡ ብጽሑፋትን ብገንዘብን ኪትድግፍዋ ትጽውዕ!

አድራሻና

www.tewahdo.org

E-mail: fbnewspaper@tewahdo.org
Phone: (678) 894-4665
Fax: (770) 828-0646
Fenote-Berhan
P. O. Box 80814
St. Clair Shores, MI 48080
USA